# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.263 ረቡዕ 3 ሓምለ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣብ ግጥማት ዋንጫ ዩሮ-2024 ከደናግሩ ዝፈተኑ 'ዲፕፈክ'



ገጽ 3
ቪዛታት 'ቺዩነ ሳጉሃራ'



ገጽ 4
ተመዚንኪ ነብሰይ!



ገጽ 5
ቀመር ህይወት



ገጽ 11
ሃገራዊ ውድድር ቅድድም መኪናን ሞተር ሳይክልን ተኻይዱ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ሃገራዊ መዓልቲ ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ፡ ናብ ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ህዝቢ ሶማልያን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቱ፡ ብኣጋጣሚ እዛ ዕዙዝቲ ዕለት፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ኣሓት ሃገራትን ህዝብታትን ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንኽልተኣዊ ረብሓታትን ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ብዝገልግል ንምስፋሑን ንምድንፋዑን ዝሎ ቅሩብነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ምሉእ ጥዕናን ናይ ስራሕ ኣሳልጦን፡ ንህዝቢ ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዩ።

ሃገራዊ መዓልቲ ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ፡ 1 ሓምለ እያ ተዘኪራ እትውዕል።



# ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንስድራ-ስዉኣት ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ዝነጥፉ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዘዋጽእዎን ገርቲ ጸቡቕ ዜጋታት ዘበርከትዎን - 146,900 ናቕፋ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ምምሕዳራት ከባቢ ንዝርከባ ስድራ-ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ብ120 ሰብ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም፡ ንስድራ-ስዉኣት ዝግበር ሓገዝ ዜግነታዊ ግዴታ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ መማህራን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ደከኣሎ 27,750 ናቕፋ፣ ማሕበር ምትሕግጋዝ ሰራሕተኛታት ኩባንያ ብድሆ ሓፈሻዊ ህንጻትን ነገርን 12,648 ናቕፋ፣ ስድራ-ቤት ኣፍዓበር ነጋ በሎ 12,000 ናቕፋ፣ ኣቶ ተስፋኣለም ገብራይ ገብረመስቀል 11,177 ናቕፋ ንመናበዪ ስድራ-ስዉኣት ወፍዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ እውን ሰራሕተኛታት መንግስትን ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ንኡስ ዞባን ዘዋጽእዎ - 114 ሽሕ ናቕፋ፡ ንጽጉማት ስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብወገኑ፡ ካብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተወጻእኣ 35 ጽጉማት ስድራቤታት፡ ንፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ብጥሪት ኣጣዩሰ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ብተመሳሳሊ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ካብ ደሞዞም ዘዋጽእዎ 124,908 ናቕፋ - ኣብ 18 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝርከባ ስድራ-ስዉኣት ተዓዲሉ።

ነባሪ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ እውን 200,392 ናቕፋ ብምውጻእ ንጽጉማት ስድራ-ስዉኣት ሓጊዞም።

# ማእከል - ንኣመጋግባ ህጻናት ዝምልከት ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ሃማደኤ ምስ ሚኒስትሪታት ሃብቲ ባሕርን ሕርሻን ብምትሕብባር ኣብ ዝወደቦ - ኣብ ኣደላልዋ መኣዛዊ መግቢ ዘተኮረ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ስልጠና ዝተኻታተላ 90 ደቂ-ኣንስትዮ ተመረቓ።

እተን ኣብ ዕድመ ወሊድ ዝርከባ - ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ እምባጋልያኖ፡ ደርፎን ጉልዒን ዝኾና ሰልጠንቲ፡ ብ25ን 26ን 29ን ሰ - ዝተዓለወለን ወረቓት ምስክር ወሲደን።

ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኣለም በሎ፡ እቲ ብኣውራኡ ናብ መግቢ ህጻናትን ቁልዑን ዘቕንዐ ስልጠና - መቕጸልታ ናይ'ቲ ማሕበር ብደረጃ ሃገር ዘወደቦ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ከምዝኾነ ገሊጻ።

ካብ ኣሰልጠንቲ ወ/ሮ ረሀዋ እዮብ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ከባብአን ኣብ ዝርከባ ዲጋታት ንዝተፋረዩ ዓሳታት ገፊፈን ስድራ-ቤታተን ክምግባ እውን ዝዋለመ ብምዃኑ፡ ኣብ ከባብአን ንዝርከባ ዲጋታት ብዝበለጸ ክጥቀማሉ ተላቢዩ።





ኣብ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ሓላፊት ማሕበራዊ ጉዳይ ወ/ሮ ኤልሳ ገብረየሃንስ እውን፡ ኣብ ዲኤምኪዩ፡ ምቁር ድኻሽን ዓሳ ማይ ጥዑምን ዘሎ ጥዕናዊ ረብሓታት ኣዘኻኺራ።

# መንእሰይ ኤርትራ - ሓበን ኣፍሪቃ!

ካብ ብሉጻት ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ዓለምና፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ብንያም ግርማይ፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ 3ይ መድረኽ ዝውሓ ውድድር (230.8 ኪ.ሜ.) 'ቱር-ዲ-ፍራንስ'፡ ልቢ መላእ ኣፍሪቃውያን ዝፈንጨሐ በኹሪ ታሪኻዊ ዓወት ብምምዝጋቡ፡ ኣርእስቲ ወሩያት ማዕከናት ዜና ዓለም ኮይኑ።

ከምዝፍለጥ ዘመናዊ ግጥማት ስፖርት፡ ካብ ከበብናን ኣህጉርናን ብዙሞጉዲ ኣብ ኤርትራ ዝውሓለ ዕድመ ኣለዎ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዝሓለፈ 20 ክፍለ-ዘመን እዩ ምስ ዘመናዊ ስፖርት ተላልዩ። ካብኡ ንድሓር፡ ስፖርት ኣካል ባህሊ ኤርትራውያን መንእሰያት ኮይኑ። ታሪኽ እንተተወከሰና ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ እዋን መግዛእቲ ጀሚሮም፡ ብዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርት፡ ኣውራ ብቕድድም ብሽክለታን ኣትለቲክስን ኣብ ሓያሎ ዓለማዊ መድረኻት ተወዳዲሮም፡ ልዑል ብቕዓቶምን ብልጹተምን ብምድማቕ፡ ሓበን መላእ ኣፍሪቃ ኪኾኑ በቒዖም እዮም።

ከምዚ ዓይነት መሰረት ዘለዎ ስፖርታዊ ንጥፈት ኤርትራ፡ ነዊሕ ሓርነታዊ ኩናትን ድሕሪ ናጽነት ዝቐጸለ ዓለማዊ ተጻብኦን ውዲትን ምስትርሓው ስለዝኸልኦ፡ ማዕረ ባህግና ሰጕሙ ክንብል ኣይንኽእልን። ይኹን'ምበር፡ ኣብዚ ወሀብ ኩነት እውን እንተኾነ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓለማዊ ውድድራት እናተሳተፉ፡ ክብሪ ህዝቦምን ሃገሮምን ምዕርግቲ ሰንደቖምን ደጋጊሞም ካብ ምኹላዕ ኣይተዓቀቡን። ምስናይ ድሩትነት ጸጋታትን ብድሆታትን፡ ማህጸን ኤርትራ፡ ኣንጸባራቒ ዓወት ዝሓፍሱ ብሉጻት መንእሰያት ምፍራይ ኣይኣበየን። ኤርትራውያን ከምኡ ኣብ ዓመት መጸኡ፡ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ መላእ ኣፍሪቃ ብምዃን ንብዙሎም ክወጽኡ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ካብ ኣህጉርና ሓሊፎም ድማ፡ ኣብ ዓለማዊ መድረኻት ስሙያት ተወዳደርቲ እናኾኑ ይኸዱ ኣለዉ።

እዚ ድሙቕ ዓወታትን ትእዛዝ ኣንፈትን'ዚ፡ ማዕረ'ቲ ዝፈጥሮ ባህታን መንነታዊ ሓበንን፡ ኣብ መንእሰያትና ዝሎ ተወሂቦ ዕቑር ክእለትን፡ ጸጋታት እናኣገላበጥና ዘድሊ ወፍሪ ኣፍሲስና ከሰፍሖን ከሐይሎን ከም ሕብረተሰብ ሓላፍነት ዘሎና እዩ። ኩሉ ዓውድታት ስፖርት ብማዕረ እናሰጎመ፡ ኣብ'ቲ እንምኞን እንዋገሉን ደረጃ ክበጽሕ ጻዕርና ክሐይል ሃገራዊ ፍናን ዘበርክት እዩ። ናይ ቀደምን ሕጂን ቅያታት ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ንክህሎትን ብልጽትን መንእሰያትናን ትእዛዝ መጻኢኦምን ወሪዑ ዝሕምት እዩ። ክንዲ ዝኾነ ስፖርታዊ ንጥፈት ዝመርሑ ኣካላት መንግስቲ ጥራይ ዘይኮኑ ስድራቤታት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሰራዊት፡ ትካላት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ማሕበረ-ኮማት፡ ሰብ ጸጋን መላእ ሕብረተሰብን፡ መንእሰያትና ባህርያዊ ትዕድልቶም ክኹልዑ፡ ኣሰር ከዋኽብቲ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን እናተኸተሉ፡ ንባዕሎም ደሚቖም ስም ሃገሮም ከድምቑ፡ ሞራላዊን ንዋታዊን ደርኺቶም ከሐይሉ ይግባእ።

የሃና! ኑቲ ኣብ ዝወፈሮ ዓውዲ ጅግኑ ምፍራይ ዝልማዱ ወትሩ ዕውት ህዝቢ ኤርትራ! ክብርን መገሳን ኑቶም ሃገርን ኣህጉርን ዘኹርዑ ዘለዉ ዕውታት መንእሰያት ኤርትራ!

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

# ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ 8 ሓምለ ክጅምር እዩ

ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ 2024፡ ካብ 8 ሓምለ ክሳብ 17 ነሓሰ ኣብ ሓሙሽተ ዞባታት ክካየድ ምዃኑ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ - ዳይረክተር ጀነራል ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣቶ ፍትዊ ወልደገርግስ ገሊጹ።

ኣብዚ ንመበል 26 ግዜኡ ዝካየድ ወፍሪ፡ 33 ማእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም ልዕሊ 28,600 ተመሃሮ፡ ምስ ልዕሊ ሓደ ሽሕ መማህራን ክኢላታት ሕርሻ፡ ከምኡ'ውን ኣወሃሃድትን ኣጋር ሓላይምን ኣብ 44 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝርከባ 126 ነቑጣታት ክዋፈሩ እዮም።

ናይ ሎሚ ዓመት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ 95 ሚእታዊት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ክኸውን እንከሎ፡ ዝተረፈ 5 ሚእታዊት ድማ ኣገልግሎት ድሕነት ትራፊክ፡ ምጽጋን ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ ምስራሕ ጋብያታት፡ ምእካብ ንመጽሓፍቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝኸውን ኣእማንን ካልእን ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ፡ ኩነታት ኣየር ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ወፍሪ ብተሳትፎ 500 ተመሃሮ ካብ 10 ሰ ኣትሒዙ ይካየድ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ፍትዊ፡ ክሳብ 14 ሓምለ ከምዝቕጽል ገሊጹ።



# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኸለ

## ኣብ ግጥማት ዋንጫ ዩሮ-2024 ከደናግር ዝፈተነ 'ዲፕፌክ'

ኣብዚ ቅንያት እዚ፡ እቲ ብደረጃ ዓለም ንኣፍቀርቲ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣንጠልጢሉ ዝርከብ ዋንጫ ዩሮ-2024 ኣብ ዝቐደሉ ዘሎ ግዜ፡ ንጋላሚ ጋንታ እንግሊዝ ዝምልከት ቪድዮ ብመራኸቢ ብዙሓን ተቓሊሑ - ኣብ ሓያሎ ማዕከናት ዜና ዑደት ገይሩ ቀንዩ።

እታ ቪድዮ ቀዳማይ ኣሰልጣኒ ጋንታ እንግሊዝ ጋሬት ሳውዝጌት ቃለ-መሕትት እናኣቐደ እንከሎ፡ ብዛዕባ እታ ንሱ ዝመርሓ ጋንታን ተጻወትታን ዝዝርዝር ርእይቶታት - ኣብ መንጎ ብዋግኦናት ዝቖጸሩ ኑቲ ግጥማት ዝተኻታተሉ ግዱሳት የጓዕዝዕ ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

ኣብቲ ቃለ-መሕትት፡ ኑዩም ኣብዚ ዘይተመርጹ ተጻወትቲ ብኣሉታ ዝጸሉ ቃላት ገይሩ ክሽምጥጦም ይስማዕ። ብዙሓት ወሃብቲ ርእይቶ "ሃሳዊ" ዝበልወን ቪድዮ ምስልታት ኢንስታግራምን ቲክቶክን ድማ ቁጠዐን ክትዕን ኣበጊሰን ኣለዋ። ብፍላይ፡ ጋንታ እንግሊዝ ኣብ ልዕሊ ስሎቫኪያ ንእስኪላ ተዓዊታ ንደገፍታ ዓቢ ሓበን ዝፈጠረ ኣጋጣሚ ኣብ ዝተራእየሉ ቅንያት ብምዃኑ፡ ኣብ ዓማዊል ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝፈጠሮ ምሕዝር ቀሊል ኣይኮነን።

ኣብቲ ቪድዮ፡ ሳውዝጌት ንኣማሓዳሪ እታ ጋንታ ይቅቀፍ እሞ - ብሰንኪ እቲ ዝተራእየ ድኹም ምሕደራ "ዝ ሃገር ይቕሬታ ክንሓትት ይግበኣና" ይብል። ኣብ ካልእ ቪድዮ ድማ ኑዩም ከይተመርጹ ዝተረፉ ተጻወትቲ እናዘከረ 'ዘይምህላዎም ዘሕዝን' ምኳኑ ይገልጽ።

እቲ ቪድዮ ንያት ተጻወቲ ከድክም ዝኽእል ትሕዝቶ እኳ እንተነበረ፡ ሓያሎ ካብ ስፖርተኛታት ግና ተጋጊኡ ክረኣ



ከምዘይብሉ ክገልጹ ጸኒሖም። ዝ ክርኢን ክቀባበልን ዝቐጸ ተኸታታሊ ስፖርት እውን፡ ኣፍይ ውልቁ ርእይቶ ክህበሉ ቀንዩ ኣሎ።

እቲ ሳውዝጌት ኣብ ጋዜጣዊ ዋዕላ ንመራኸቢ ብዙሓን ዝሃቦ ምላሽ ዝመስል ምስልታት፡ ብሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝተማስርሐ 'ዘይተገብረ' ቃለ-መሕትት እዩ ነይሩ። ዝተቐድሐ ባህርያዊ ድምጺ ናይ'ቲ ሰብ ምስ'ቲ ናይ ሓሶት ቃላት ብምውህሃድ ኣፉን ከናፍሩን ብድምጺ እቲ ቃላት እናተንቀሳቐሰ ዘርእዮ ምስሊ፡ ብኽኢላ እንተዘይኪይኑ ብዘኸኡ ካልእ ክልለ ኣይክእልን። ኣብዚ እዋን ኣብ ሞባይል ቴሌፎን ብዘጸዓን ኣፕሊከሽን ዝምስራሕ ሜላ 'ዲፕፌክ' ዝተሰነዐ ዘይተፈጸመ፡ ናይ ሓሶት ፈጠራዊ ጋዜጣዊ ዋዕላ እቲ ኣሰልጣኒ እዩ ነይሩ።

ከምዚ ዓይነት ተግባራት ዲፕፌክ ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ክቀላቐል ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ፡ ኣብዘን ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ብውድድር ቴክኖሎጂ እናማዕበለ ሓቅን ሓሶትን ዝፍለየሉ መስመር ክሳብ ዝሰስዕ ንምንጻር ኣጸጋሚ ዝኸውን ሓበሬታ ክቃላሕ ጀሚሩ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት፡ ሳዕስዎት ፖለቲከኛታት ብሪጣንያ ከምዝተዛረብዎ ዘምስል-ምስካልኣት ሃገራት ዲፕሎማሲያዊ ጸገማት ክፈጥር ዝኽእል ትሕዝቶ ዘለዎ ዝተማስርሐ ድምጺ ተዘርጊሑ ምንባሩ እውን ይዝከር። ቀድሚ ሕጂ እውን ፕረዚደንት ኣመሪካውነር ባራክ ኦባማ መግለጺ ይህብ ከምዝሎ ዘርድእ ቪድዮ፡ ወዛቢት ቃል ባይቶ ኣመሪካ ናንሲ ፐሎሲ ብዘይተለምደ ዓይነት ኣዘራርባ ክትምድር እንከላ ዘርኢ - ናይ ጥጫ ቪድዮታት ተዘርጊሖም ነይሮም።

ሓደ ሰብ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ብዛዕባ ዝኾነ ጉዳይ ካብ ዝተዛረቦ ቃላት ድምጹ ይቕዳሕ። እቲ ካብ ኣፉ ዝወጸእ ድምጺ ናብ ካልእ ቃላት ኣወሃሂድካ - ንሱ ከም ዝተዛረቦ ከተምስል ትኽእል። ደረቕ ወይ ተንቃሳቓሲ ምስሊ ናይ'ቲ ሰብ እንድሕር ተረኺቡ ድማ እቲ ድምጽታት ምስ'ቲ ምስሊ ተወሃሂዱ "ፌክ" ናይ ሓሶት ቪድዮ ይፍጠር። ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ደቒቕ ድማ ዲፕፌክ ቪድዮ ተመስሪሑ ክዝርጋሕ ይኽእል።

ዲፕፌክ - ቪድዮ ጥራይ ኣይኮነን። ናይ ካልእ ሰብ ድምጺ እውን ተቐዲሑ ንመደናገሪ ከገልግል ይኽእል። ኣብ ብሪጣንያ መደበር ዘለዎ ሓደ ናይ ጸዓት ኩባንያ ዋና ኣካያዲ፡ ልዕሊኡ ዘሎ ሓላፊ 243 ሽሕ ዶላር ናብ ካልእ ትካል ከመሓላልፍ ኣዚዝዎ። እቲ ድምጺ ናይ ካልእ ከይከውን ኣልካ ክሕሰብ ብዘይከኣል ናይ'ቲ ሓላፊኡ ድምጺ ኢሉ ስለ ዝሓሰበ፡ ዝተኣዘዞ ብምፍጻም እቲ ዝተባህለ ገንዘብ ኣሰጋጊሩ። እቲ መታለሊ ደጋጊሙ ተወሲኺ ገንዘብ ክለኣኽ ምስ ኣዘዘ ግና - ክኸሻሕ ተኻኢሉ።




## 'ዲፕፌክ' ኣብ ረብሓ ምዕባለ ክውዕል ይኽእል. . .

'ዲፕፌክ' ኣደናጋሪ ዝኸውን፡ ከም ሓቂ ኣምሲልካ ክዝርጋሕ እንከሎ፡ ወይ እውን መንነት ውልቀሰብ ንምጽላም ኣብ ዝግበር መጥቃዕቲ ክውዕል እንከሎ እዩ። ውግእ ብዛዕባ ዝቐደሉ ቦታታት ብማዕከናት ዜና ዝዘርጋሕ፡ ገሊኡ ደረቕን ተንቀሳቓሽን ምስልታት - ናይ ሓሶት ምኳኑ ዝኽሸሓሉ ግዜ እውን ኣሎ።

ዲፕፌክ፡ ኣደናጋሪ ሓበሬታ ንምፍናው ጥራይ ኣይኮነን ዘገልግል። ቪድዮ ሓሶት 'ዲፕፌክ' ምኳኑ እንድሕር ኣቐዲሙ ተገሊጹ፡ ከም መዛናግዒ ክውዕል ይኽእል። እዚ ግና፡ ኣብቲ ዲፕፌክ ምስ ዝሳተፉ ገጸ-ባህርያት ብዝተሰማምዕሉን ኣርትዖት ብዝተገበሩሉን ስርዓት ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ኣዛናጊ ፊልምታት ንዝዋጸዩ ክዋኽቡቲ፡ ብምስሊ ካልኦት ፍሉጣት ሰባት ብምትካእ፡ እቲ ስጉምቲ ብኻልእ ማእዝን እውን ክረአ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ካብ ላግጺን ምንሻውን ናጻ ምኳኑ ርጉጽ ክኸውን ኣለዎ።

ብኻልእ ኣካል ዝተነበበ ትምህርታዊ ወይ ኣዘናጋዒ ጽሑፍ ብዲፕፌክ ብምቕራብ፡ ናይ ቋንቋ ፍልልያት ዝፈጠሮ ጸገማት እውን ክሰገር ይክኣል። ዓማዊል የትዩብ ብሕጋዊ ኣገባብ ንረብሓታቶም ክውዕልዎን፡ ሓያሎ ተኸታተልቲ ክፍርዩሉን ዝኽእል መሳርሒ ክኸውን ይኽእል።

ፋሽናዊ ኣልባሳት ወይ ናውቲ ቅርሲታት ወይ እውን መጋዩሺን ካልእን ዝዋገዱ ኣብያተ-ንግዲ፡ ገጸ-ባህርያት ዲፕፌክ ከም መሳለዪ ዓማዊል ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም።

ብመንገዲ ዲፕፌክ፡ ብትሑት ብርሃን ዝተሳእሉ ናይ ቀደም ሃሳስ ኣሳእል ንምብርታዕን ንምድማቖን እውን ከም ዝከኣል ሓበሬታታት የረድኡ።

ዲፕፌክ ንኣሉታዊ ተልእኾ ከገልግል እንከሎ ከመይ ከለለዮ ንኽእል? ዝብል - ካብ ኩሉ ሽግር ዝሾገዐ ሕቶ እዩ። ሓደ ምህዞ ክመሃዝ እንከሎ፡ ማዕረኡ ዝቓዓዝ ወይ ቀዲሙ ዝሰጉም ክገርሖ ዝኽእል ምህዞ ኸኣ ክስራሕ ኣለዎ። ዲፕፌክ ክገጽ እቲ ዝሀቦ ረብሓ - 'ሓደገኛ' ምኳኑ ዘለልዩ ብሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝሕገዘ መለክዒታት ክፍጠሩ ኣለዎም። ሓንቲ ምስሊ ክንደይ ግዜ ኣርትዖት ተኻይዱላ ዘሎ ናውቲ ኣይተዘርገሐን ደኣ እምበር፡ ማዕበሉ ምህላው ይፍለጥ። እቲ ተደጋጋሚ ኣርትዖት ገጸ-ባህርያት ዝተኻየደሉ ቪድዮ ከም ኣጠራጣሪ ተቘጺሩ ክስረዝ ይከኣል።

ኣብዚ እዋን እዚ ግና፡ እቲ ብዲፕፌክ መጥቃዕቲ ዝወረዶ ሰብ ወይ ትካል ብዘቕርቦ ቅልጡፍ ጥርዓን ኑቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተዘርወ ትሕዝቶ ብምድምሳስ እዩ ዝኣገል። ዲፕፌክ ብኣጸለምቲ ወይ ጠቀንቲ ክፍኖ እንከሎ፡ ትሕዝቶኡ ምስ ንቡር መትከላት ናይ'ቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ከም ዘይቃዶ ምኳኑ ኣለልዩ ምልክት ዝገብር ወይ ከይፍኖ ዝኸልእ ኣብ ኩለን ማሕበራዊ መራኸቢታት ክስራሕ ኣለዎ። ከም ትዊተርን ፌስቡክን ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ሓደገኛ ትሕዝቶ ዘለዎ ልኡኻት ዝቲታተል ዝማዕበለ ናውቲ ከም ዘለዎም ይፍለጥ።

ትሕዝቶ ማሕበራዊ መራኸቢታት ካብ ስወር ኣድራሻ ተሓቢእካ ክቐየድ ዝከኣል እኳ እንተኾነ፡ ብምዕቡል ናውቲ ቴክኖሎጂ ኣድራሻ ገበኛ ክርከብ ስለ ዝከኣል፡ ሓደገኛ ዲፕፌክ ክልኩል ዝገብር መቐጻዕቲ ብደረጃ ዓለም ክወጽእ ኣለዎ። ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ኑቲ ዝዕዘብዎ ደረቕን ተንቀሳቓሽን ምስልታት ሓቅነቱ ክሳብ ክንደይ ርጉጽ ምኳኑ ከለልዩ ከም ዝኾኖን፡ ሓሶት ኣብ ምቅላዕ ክተሓባበሩ ከምዝለዎምን ዘኽእል ኣስተምህሮ ምዝርጋሕ ኣድላዪ ይኸውን።

ኣመጻጽኣ ዲፕፌክ ክንዕዘብ እንከለና፡ ኣብ ከባቢ 2016 ይጀማምር ነይሩ ክንብል ንኽእል። ሉካሱፊልም ዝተባህለ ትካል፡ ናይ ክልተ ወሩያት ተዋሳእቲ ፊልም መሸከል ናብ ናይ ካልኦት ሰባት ኣወሃሂዱ ዝኸውን ሰብ ከለለዮ ዘይክእል ወጽኢት ረኺቡ ነይሩ። ኣቐድም ኣቢሉ እውን ሓያል ናይ ኣርትዖት ሰራሕን ግዜን ብዘወሰደ ዘይማዕበለ ኣገባብ ተፈቲኑ እኳ እንተነበረ፡ ምስ ንውሒ ዓመታት ምዕባለታት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ንዲፕፌክ ናብ ጽፉፍ ደረጃ ክበጽሕ ኣኽኢልዎ ኣሎ።

ክሳዕዚ ዘለናዮ ግዜ፡ በብቐረብ እናተማሓየሸ ብደቂቕን ብልሕን ንምስልታትን ድምጽታትን እናኣጽረየ፡ ምንቅስቓስ ከንፈር፡ ፍጥረታዊ ኣኻፍታ ኣፍ ናይ'ቲ ሰብ፡ ንጠንበታ ናይ ዓይንን ወሰታ ኣእዳውን ዝኣመሰሉ ባህርያት ብዘጋጊ ኩነታት ክቐርጽ በቒዑ።

ኣጋጊዱ ፖለቲካዊ ሓበሬታ፡ ዓሌት ንዓሌት ዘጻልእ ናይ ቅርሕንቲ ሕምየት፡ ጾታዊ ጸለመ፡ በዚ ምህዞ እዚ ክዝርጋሕ ተራእዩ እዩ። ናይ ጣንክ ቁጽሪ ሕሳብ ክቃላዕ ዝኽእል ተኽሉኣት ኣብ ውልቀ-ሰባት ብምፍጻም፡ ገንዘብ ናብ ካልእ ሰፍራ ምስግጋር እውን ይከኣል።

ምዕቡል ናይ መዘሪ ቴክኖሎጂ ኣብ ዘይብሉ ኣጋጣሚ፡ ዲፕፌክ ንምልላይ ዝጠቕሙ ኣንፈታት ኣለዉ። ድምጽን ምንቅስቓስ ከንፈርን ዘይጥጣጠም ምስ ዝኸውን፡ ዘይንቡር ሕብሪ ምስ ዝጠዝዑ፡ ደገኣ ብርሃንን ጽላሎትን ኣብ ዘይቦታኡ ክረኣ እንከሎ ክንጠራጠር ይግባእ። ንጠንበታ ዓይኒ ክጠዝሕ ወይ ከኣ ደሪቑ ሰቕ እንድሕር ኢሉ፡ ዝተጋገ ምንቅስቓስ ገጽ ወይ ኣካል ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ኣኳዳድና ሓላፍ ዘላፍ እንተሊዩ፡ ዘይንቡር ስልማት ወይ ኣመሻሽጣ ምፅዛብ እውን የድሊ፡ ንዲፕፌክ ክሳዕ ሕጂ ከም ገበን ክቆጻጸር ዝኽእሎ ሕጊ ዘኣወጀት ሃገር ስለ ዘየላ፡ ንሱ ዝፈጥሮ ስግኣታት ቀጻሊ እዩ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፉኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

# ቪዛታት 'ቺዩነ ሳጉሃራ'

ጴጥሮስ ተፈሪ

ቀዳማይ ክፋል

ቺዩነ ሳጉሃራ ይብሃል። ኣብ እዋን 2ይ ውግእ ዓለም፡ ከም ምክትል ቈንስል ሃጼያዊ መንግስቲ ጃፓን ብምዃን - ኣብ ካዩናስ-ሊትዌንያ ዝሰርሐ ዝነበረ ጃፓናዊ ዲፕሎማት እዩ። ኣብ'ቲ እዋን እቲ፡ ሓያሎ ኣይሁዳውያን ብሰሪ ሰራዊት ናዚ-ጀርመን ኣብ ሓደጋ ወዲቖም ነበሩ። ሳጉሃራ ንመምርሒታት ሃገሩ ብምጥሓስ፡ ንስራሑን ስድራ-ቤቱን ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ - ይትረፍ ናብ ጃፓን ናብ ግዝኣታት ጃፓን ዝኾና ካልኦት ሃገራት እውን ክኣትዉ ፍጹም



ክልኩል እዩ እናተባህለ፡ ኣይሁዳውያን ካብ ኤውሮጳ ከምዝሃድሙ ገይሩ ህይወቶም ዘድሓነን ተባዕ ውሳነ ዝወሰደን እዩ።

ኑቶም ጀርመን ካብ እተቈጻጸሮ ምዕራብ ፖላንድን ሕብረት ሶቬት ዝሓዘቶ ምብራቕ ፖላንድን ከምኡ እውን ኣብ ሊትዌንያ ዝነብሩ ዝነበሩን ኣይሁዳውያን ብምሕጋዙ፡ ብዘፈጸሞ ንኡቶም ዘይደልዩዎ ሰብኣዊ ተግባር እምበኣር - ብመንግስቲ ጃፓን ናይ ማእሰርቲን ናይ ስራሕ ምብራርን ስጉምቲ ተወሲደሉ። ብሰሪ እዚ ጸቢቕ ተግባር፡ ንሱን ስድራ-ቤቱን ዝነበሮም ስኢናም ሕማቕ ህይወት ክሕልፉ ተገደዱ።

መወዳእታኡ ግን፡ እስራኤል ኣብ ዘመነ ሰላማ ዘይረስዕዎን ዝለዓለ መዓልያ ሰብኣውነት ዝሸለሙዎን፡ ብመንግስቲ ጃፓን እውን ድሒሩ ይቕረታ ዝተሓተተን ካልእ ናይ ክብሪ ሽልማት ዝተዋህበን ጅግና እዩ - ቺዩነ ሳጉሃራ። ሰለስተ ገጽ ህይወት ዝረኣየ ገብሪ ጸቡቕ።

ብ1 ጥሪ 1900 ካብ ሓደ ካብ ማእከላይ ደርቢ ዝውለድ "የሺሚ ሳጉሃራ" ዝተባህለ ኣቦን ካብ ሳዕለዋይ ደርቢ ዝኾነት "ያትሲን ሳጉሃራ" ዝተባህለት ኣደን ተወሊዱ። ቺዩነ ሳጉሃራ ካልኣይ ወላዲ ናይ'ታ ሓሙሽተ ኣውዳትን ሓንቲ ጓልን ዝነበርዋ ስድራ እዩ። ወላዲኡ ንሱ ኣብ ዝተወልደሉ እዋን፡ ኣብ ሓደ ቤት-ጽሕፈት ግብሪ ይሰርሕ ነይሩ። ኣብ'ታ "ካዞቺ" ዝተባህለት ከተማ፡ ኣብ ሓደ ካብ ናይ ቡድሂስት ቤት-መቕደስ ዝተለቅሕዎ ገዛ ድማ ይነብሩ ነበሩ። ብ1903 ናብ "ኣሻሂ" ዝተባህለት ዓዲ ግዒዞም። ብኸምኡ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናቐያየሩ፡ ኣብ 1906 ናብ "ናካሱ ታውን" ምስ ኣተዉ፡ ሳጉሃራ ኣብ 2 ሚያዝያ ኣብ'ታ ቤት-ትምህርቲ ናይ ምምሕዳር ከተማ ናካሱ - ትምህርቱ ሀ ኢሉ ጀመረ። ብድሕሪ እዚ ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃታት ተማሂሩ፡ ኣብ 1912 ብኽብ ዝበለ መዓርግ ዛዘመ።

ወላዲኡ ተማሂሩ ሓኪም ክኸውን እዩ ዝደሊ እንተነበረ፡ ሳጉሃራ ግና ኣብ'ቲ መእተዊ ፈተና ደይ-መደይ ኢሉ - ኑቲ ናይ ፈተና ወረቐት ስሙ ጥራይ ጽሒፉ ብምምላስ ካብ ምሕላፍ ተረፈ። እንተኾነ፡ ኣብ ክንዳኡ ኣብ 1918 ናብ ዩኒቨርስቲ ዘእቱ ኣጥቢ፡ ኣምጺኡ ብቋንቋ እንግሊዝ ተመረቐ። ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ክእለቱ ንምምሕያሽ ከኣ፡ ብኣ-ንብኡ ናብ ሓደ ብ'ሃርይ ጫስተር' ዝተባህለ ካህን ዝተመስረተ ማሕበር ሕውነት ክርስትያን ተጸንበረ። ኣብ 1919፡ ናብ'ቲ ዳሕራይ ናብ ቀንዲ ጉዳይ ናያ'ዚ ኣርእስቲ - 'ቪዛታት' ዝኾነ ኢጋጥሚ ዘእተወ፡ ናብ ናይ ጃፓን ጉዳያት ወጻኢ ማህደረ-ትምህርቲ ተፈቲኑ ሓለፈ። እንተኾነ - ብቐጥታ ናብ ጉዳያት ወጻኢ ኣይኣተወን። ካብ 1920-1922፡ ኣብ ሃጼያዊ ሰራዊት ጃፓን ከገልግል እኽሉ፡ ብደረጃ ተለንት ምስ 79 ርእሱ ኣብ ክፍለ-ግዝኣት ጃኣን ኮርያ ዓስከረ።

ኣብ 1922 ካብ ሰራዊት ክፉኖ ሓቲቱ ድሕሪ ምፍናዉ፡ ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት - ኑቲ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ፈተና ብዘዕባ ቋንቋ እንግሊዝ ዘድርዕ ካልእ ናይ ሩሲያ ቋንቋ ንምምላእ ፈተና ወሲዱ፡ ብልዑል ነጥቢ ሓለፈ። ብድሕሪ እዚ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ጃፓን ብወግዒ ከም ኣባሉ ከቲቡ፡ ናብ "ሃርቢን" እትብሃል ዓዲ - ናብ ቻይና ለኣኾ። ቋንቋታት ራሻን ጀርመንን ብዝጠቕእ ድሕሪ ምጽናዑ፡ ሓደ ኣጉዳሲን ክኢላን ጃፓናዊ ኣብ ጉዳያት ሩሲያ ኮነ።

ኣብ'ቲ ሕብረት-ሶቬት ኣብ 1940 ንልኡላውነት ሊትዌንያ ዝተቘጻጸረትሉ፡ ካብ ፖላንድ ዝመጽኡ ሓያሎ ስደተኛታት ኣይሁድ ከምኡ እውን ሊትዌናውያን ኣይሁድ፡ ኣብ'ታ ሃገረ-ሊትዌንያ ነይሮም። እዞም ስደተኛታት እዚኣቶም፡ ናይ ቪዛታት ፍልጠትን ተመኩሮን ዝነበሮም፡ ብዙይ ቪዛ ፈልከት ኢሎም ናብ ዝኾነ ሃገር ከምዝይከዱ ኣጸቢቖም ዝፈልጡ እዮም። ዋላ እውን እቲ እዋን ብዙይ ቪዛ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ክትግዕዝ ብምእሳርቲ ጥራይ ዘይሓልፈልካ ኣመና ሓደገኛ እዋን እዩ ዝነበረ። ብቐለሉ ተዕቂቦካ ሃገር ክትረክብ ፍጹም ዘይከኣል።

ስለ'ዚ እቶም ኣይሁዳውያን ኣመና ጸገምዎም ኣብ ተኣፋፊ ግዜ - ኣብ ጫፍ ናይ'ቲ ሕማቕ ኩነታት ነበሩ። ፍታሕ ንምርካብ ከኣ ሓያሎ ኣይሁዳውያን ናብ ቈንስል ጃፓን ናብ 'ካዩናስ' ከዱ። ድሌቶም ናብ ጃፓን ዘእቱ ቪዛ ንምርካብ እዩ ዝነበረ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ጃፓን ኣብ ካዩናስ እቲ ኣብ ወጻኢ ጉዳይ ጃፓን ብድሕሪ ምኽታቡ - ኣብ ዝተፈላለዩ ተልእኾ ዓቢ ተመኩሮ ኣጥሪዩ ዝነበረ ቺዩነ ሳጉሃራ፡ ካብ 1939 ጀሚሩ ምክትል ቈንስል ብምዃኑ ንኽኻዕበር ዓቕምን መሰልን/ሓላፍነትን ዝነበሮ ሰብ ነበረ። ተወሳኺ ሓላፍነት እውን ነይሩዎ እዩ - ምንቅስቓስ ሰራዊት ሶቬት-ሕብረትን ጀርመንን ምክትታል። ጀርመን ኣብ ልዕሊ ሶቬት-ሕብረት ናይ መጥቃዕቲ መደብ ኣለዋዶ የብላን? ዝርዝራት ኣብ በርሊንን ቶክዮን ንዘለዉ ሓለፍቲ ምሕባር። ናይ ፖላንድ ትካል ጸጥታ ምስ ናይ ጃፓን ምትሕብባር ስለዝነበሮ፡ ቺዩነ ሳጉሃራ ቀንዲ ድንድል እዩ ዝነበረ።

ኣብ'ቲ እዋን እዚ ኣብ ሊትዌንያ ዝነብሩ ኣይሁዳውያን ናብ ጃፓን ቪዛ መእተዊ ዝደልዩሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ፡ መንግስቲ ጃፓን - እቶም ናብ ጃፓን ክኣትዉ ዝፍቀደሎም፡ እቶም ዝኣክል ቅሙጥ ገንዘብ ዘለዎምን ጸቡቕ ህይወት ክመርሑ ዝኽእሉን ጥራይ ምዃኖም ወሲኑ እዩ። መብዛሕትኦም እቶም ቪዛታት ዝሓቱ ዝነበሩ ግና፡ እዚ ዝተባህለ ቅጥዒታት ከማልኡ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። ቺዩነ ሳጉሃራ እምበኣር፡ ብዛዕባ እዚ ንኽፈልጥን ንኽረድእን ክሳዕ ሰለስተ ግዜ ምስ ሓላፍቱ ተራኺቡ ተዘራሪቡ፡ ዘይቅኖር መምርሒ ምዃኑ ግን - ቁርጽ ዝበለ ውሳኔ ተዋሂቡ። ብፍላይ ገለ መራሕቲ ሰራዊት ጃፓን፡ ብሰንኪ ሰራዊት ናዚ-ጀርመን ክነቱር ጸቕጢን ራዕዲን ነይርዎም እዩ።

እዚ ስለዘኾነ ከኣ፡ መሊሱ ንጀርመን ዘኹሪ ክትገብር ንዘከድድ ኑዳዊ ከም ምውሳኽ እዩ። ይኹን እምበር ሳጉሃራ፡ ህይወት እቶም ኣይሁዳውያን ክትሰርርን ዘይክትሰርርን ግና ኣብ ኢዱ ከምዝነበረ ኣጸቢቑ ተረድኦ። እቲ ድሒሩ ክመጽእ ዝኽእል 'ሕማቕ' - ማዕረ ክንደይ ሃሳዩ ክኸውን እዩ ኣይፈለጦን። ፈጺምካ ካብ ዘይምሕጋዝ ዋላ ንእሽቶ ትኹን ሓገዝ - ንሕልናኡ እተዕግብ ፍልልይ ከተምጽእ ከምእትኽእል ኣመነ።

ኑቶም ኣመልከትቲ ደለይቲ ቪዛ ንድሕሪት ገዲፍዎም ምኻድ፡ ኣብ ሓደጋ ገዲፍዎም ምኻድ ምዃኑ ኣጸቢቑ ነቒሕሉን ተረዲኡዎን ብምንባሩ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ነገር ተቐርቀረ። ንውሳኔታት መንግስቱ ምጥሓስ ማለት ከኣ ኑቲ ንዋሕ ዝጸዓረሉን ዝደኸመሉን - ናብ ጸቡቕ ደረጃ ስልጣንን ናብራን ዘብጽሖ ሞያኡ ክስእኖ ይኽእል ማለት እዩ። ስራሕ ምስኣን ድማ፡ ህይወትካን ህይወት ስድራ-ቤትካን ኣብ ሓደጋ ምእታው እዩ። ሕጂ እውን መዋጥር ኣብ ክልተ ቀርቀሮ - ናይ ፈተና ኢጋጥሚ።


ኣብ መወዳእታ፡ ሕልናኡ - ህይወት ሰብ ካብ ዝጠፍእ ጸቡቕ ናብራ ሓዳሩ ምስኣን ከምዝሓይሸ ሕሹኽ ኢሉዎ። ሕልናኡ ዝበሎ ብምእማን ከኣ፡ ንመምርሒታት መንግስቱ ሸለል ብምባል፡ ኑቶም 'ህይወትና ኣብ ኢድካ ኣላ' ዝበልዎ ተጸበይቲ ቪዛታት ክሰምዕ ተገደደ። ዋላ እውን ኑቲ 'ናብ ካልእ ሃገር ዘሰጋግር ናይ ትራንዚት ቪዛታት ምሃብ ክልኩል እዩ'፡ ዝበል መምርሒ ወጻኢ ጉዳይ ጃፓን ጥሒሱ፡ ንኣይሁዳውያን - ናይ 10 መዓልቲ ናይ ትራንዚት ቪዛታት ክህብ ጀመረ።

እዚ ከም ባህሊን ኣሰራርሓን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ጃፓን ክረአ እንከሎ፡ ዘይልሙድ ተግባርን ዘይምእዙዝነትን ንመምርሕን እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ሳጉሃራ ኣብ ህይወቱ ክንዲ ዝኸሰረ ይኽስር ኣትዩዎ። ካብ 18 ሓምለ ክሳዕ 28 ነሓሰ 1940 ኣብ ዝነበራ መዓልትታት፡ ብመንገዲ ጃፓን ናብ ካልኦት ሃገራት ዘሰጋግር ቪዛታት ዓደለ። ቪዛታት ክህብ ቅድሚ ምጅማሩ ግን፡ ኣቐዲሙ ንመኩንናት ሶቬት-ሕብረት ረኺቡ - ኑቶም ተጓዓዝቲ ብመንገዲ ትራንስሳይበርያን ረይል-ወይ (Trans-Siberian Raill-way) ብሓሙሽተ ዕጽፊ ዋጋ ትኬት ከፊሎም ቤታ ሃገር ኣቢሎም ክገዓዙ ከምዝሰማምዑ ኣእሚንዎም እዩ።

ቀጺሉ እውን ብኢዱ ዝተጻሕፈ ቪዛታት ኩዓሉ ጀሚሩ። ነዚ ቪዛታት እዚ ንምጽሓፍ፡ ካብ 18-20 ሰዓታት ኣብ ስራሕ የሕልፎ ምንባሩ ይሕበር። ክሳዕ 4 መስከረም ኑቲ ቤት-ጽሕፈት ዓጽዩ ዝወጽኣሉ፡ ኣሽሓት ቪዛታት ንኣይሁዳውያን ከምዝሃበ ድማ ይግለጽ። ሓያሎ ካብኦቶም ስድራ-ቤታቶምን ንብረት ገዛኦምን ጠርኒፎም ዝኸዱ ዝነበሩ እዮም። ክሳዕ እታ ዝነበረላ - ደኺመ ከይበለ ኩሉ ዝከኣሎ ገበረ። ኣብ መወዳእታ ናብ ሃገሩ ምስ ነቐለ እውን ኑቲ ማሕተም ናይ'ቲ ቈንስል ደርብዩሎም ከምዝኸደ እዩ ብገለ ወገናት ዝግለጽ። እንተኾነ "ናበኪ ሳጉሃራ" ዝተባህለ ወዱ - ምስ ሓንቲ "ኣን ኬሪ" ዝተባህለት ጋዜጠኛ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕተት፡ እቲ 'ማሕተም ገዲፍሎም' ዝበል ዘረባ ፍጹም ሓሶት ምዃኑ ይማጎት።

ንመጉት ወዱ ዘራጉድ ሓበሬታ እውን ኣሎ - ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ካብ ዝበሃሉ። ሳጉሃራ ናብ ዓዱ ክኸቅል ቤት-ጽሕፈት ዓጽዩ ኣብ ሆቴል ኣብ ዝነበረሉ ከይተረፈ፡ ቪዛታት ጽሒፉ ይዕድል ከምዝነበረ፣ ዋላ እውን ኣብ'ቲ መደበር ባቡር ኮይኑ ምጽሓፍ ከምዘየቋረጸ ድማ የረድኡ። ክሳብ'ታ ዝበገሰ ምስ ግዜ ክቀዳደም ግድን ይኹኖ ምንባሩ፣ ሰዓታት ምብጋሱ ኣብ ዝኣኸለ እውን ሓያሎ ደለይቲ ቪዛ ሆጭ ኢሎም ይጸበዩዎ ከምዝነበሩ፣ ሓያሎ ዘይተጻሕፈሎም ጸዓዱ ወረቓቕቲ ኣብ ኢዱ ይረኽቡ ምንባሮም የገንዘቡ።

ይቕጽል




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:30 | ፍረ ጻዕሪ |
| 14:55 | ህርመት |
| 16:25 | ማህደር |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክመንታሪ |
| 19:45 | ፊልም |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም-መስተዃኽር |

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ተመዚንኪ ነብሰይ!

*12 ታሕሳስ 2012*

*11:30 ድ.ቐ.*

ኣፍደገ ሰሜናው ባሕሪ

ኡፍ! ፈራሕ ምዃነይ ሎሚ ፈሊጠ ዳየረይ።

ናይ ካልኣይ መመርሒ መኪና ፍቓድ ወረቐት ምስ ሓዘኩ፡ ቀዳማይ ንመን ከዛውር ኣለኒ ኢለ ሓሲበ። እዛ ቀዳመይቲ መኪና ሒዘ ዝኸደላ መዓልቲ ኲሉ ሳዕ ስለ እትዝከር፡ ኣብ ዝኸረይ ምሳይ ዝነብር ሰብ ክኹነለይ ደልየ። ቅድሚ ኹሉም ዝተራእየትኒ ሳምያ እያ። ክንድኣ ዘፍቅሮ ሰብ የብለይን። ኣብዛ ናይ ወትሩ ዝኸረይ ምሳይ ክትነብር ደልየያ። ንሳ ንዓይ ከተሐጉስ ዘይትገብሮ ነገር የብላን። መኪና ከም ዘይፈቱ ስለ ትፈልጥ፡ መኪና ከም ዝተማሃርኩ ኣይትፈልጥን'ያ። ኣይትሓስቦን እውን። ሃንደበት መኪና ሒዘ "ንዕናይ" ክብላ እንከለኹ፡ ኣይትኣምነንን።

ብተለፎን፡ "ጽባሕ ካብዚ ንቡር ህይወትና ሸፊትና ንውዓል፡" ምስ በልክዋ ተሓጉሳ'ያ። ኣበይ ከም ንውዕል ኣይሓተተትንን። ብሓደ ምውዓልና ንባዕሉ ንዓና ዓቢ ነገር'ዩ። ናይ በይንና ህይወት ኣስተማቒርና ዳርጋ ኣይንፈልጥን ኢና። ኣዕሩኽና ካብ እግርና ምፍላይ ኣብዮሙና'ዮም፣ ብፍላይ እዛ ወረኛ መሓዛኣ። ሳምያ ኣማሪራ ወዲኣቶ'ያ። ተሓቢእና ንውዓል ምስ በልክዋ፡ ናበይ ከይበለት ብታሕጓስ "ሕራይ" ምባላ ኣደንጊጻትኒ። እታ ድሕሪ ምሸት ድሕሪ ሰዓት ትሸዓተ ንደዋወላ'ያ ዝጠዓመት ግዜ ፍቕርና። ትማሊ ብተለፎን ክነግራ እንከለኹ፡ "ማሓዛኺ ደኣ ከይትስእኪ!?" ኢለያ። በይንና ኢና ክብላ ስለ ዝደለኹ'የ፣ ብእኡ ኣቢለ ኸኣ ስክፍታይ'የ ዝነግር ነይረ።

"እዋይ ደሓን! ንማማ ሕጂ ኣተሲአ ከጕርሓ እንድየ፡" ኢላትኒ። እንታይ እዋና መገዲ ፈጢራ እንድዒ። ኣቐዲማ ደጋጊማ ትሓስቦ ነይራ ክትከውን ኣለዋ። መሓዛኣ ጋዕ ገልጠም ገዛኦም ቀልጢፉ ስለ ዘይትውድኦ፡ ሰዓት 9:00 ንግሆ ንውጻእ ኢና ተባሂልና።

ንግሆ ልክዕ ኣብ ሰዓተይ መሓዛኣ ገለ ክትገብር ከይትወጽእ እናፈራሕኩ፡ ኣብ ኣፍደገ ገዛኦም ኲይነ ሚስ-ኮል ገይረላ። ደቒቕ ኣይጸንሐትን ብደሕረይ መጺአ ዓይነይ ዓሚታትኒ። ኣይተጠራረኩን። ካንሸሎኦም ክኽፈት መሓዛኣ ሰሚዓታ ከይትወጽእ ሰጊኣ'ያ ብቕድሚት ወጺኣ መጺኣ።

"ንዓናይ በል፡ ያላ ቀልጢፍና ንህደም፡" ምስ በለትኒ ርእሰይ ነቕኒቐ። ከም ሰረቕቲ ሸለብ-ገለብ እናበልና ኣንጎሎ ተዓጺፍና።



"ትማሊ ንማማ ኣተሲአ፡ 'ማማ... ጽባሕ ሙና ዘይትፈትዋ መሓዛና ምስኣ ክውዕል ዓዲማትኒ ኣላ። ሙና እንተ መጺኣ 'ኣንጊሀ ናብ ዓባያ ልኢኸያ በልለይ ኢኺ' ኢለያ፡" ምስ በለትኒ ቀሲነ። መኪናይ ሓደ ኣንጎሎ ኣቐዲመ'የ ገዲፈያ መጺአ። ነታ ጥቓ ገዛኦም ዝነበረት ፌርማታ ምስ ሓለፍና፡ "በየን ዲና?" ኢላትኒ ደው ኢላ። ናብ ዝመራሕክዋ ክትከይድን ናይ ሎሚ ንጉስ ኣነ ምዃነይን ነጊረያ። ትማሊ'ውን ናበይ ኢላ ዘይምሕታታ ሽዑ ተፈሊጥዋ። ኲሉ ምሕበኣይ ኣይጸልኣቶን፣ ክትፈልጦ ግን ተሃዊኻ። ኣብ መኪናይ ምስ በጻሕኩ፡ ናብ መኪናይ ተጸጊዐ ብኢደይ ክትድይብ ኣመልከትኩላ። ክርትም ኢላ ስሒቓትኒ።

"ይፍጠረልካ ወደይ!" ኢላትኒ ምስ ሰሓቓ ሓዊሳ።

ደይቢ ኢለ ክውጥጣ ምስ ጀመርኩ፡ "ኣታ ሰብ ይርእየና'ሎ ግደፍ! ጽሉል፡" ኢላትኒ። ማዕጾ መኪና ምስ ከፈትኩ'ሞ ፍርሕን ሕፍረትን ተሓዋዊስዋ። ዋና መኪና ከይርእየና'ሞ፡ መጺኡ ዋጢጥ ከይገብር ኢላስ ርሒቓ። መዓጾ ከፊተላ ሞተረ ኣተሲአዮ። ክትኣምነኒ ኣይትኽእል እያ። ስንባደኣን ሓጐሳን ተሓዋዊሱ ኣብ ገጻ ርእየዮ። ግን ክትኣምነኒ ኣይከኣለትን፣ ሒዘያ ከይጸድፍ ወይ ከጋጭ የፍርሓ ምህላው ተረዲኣ። መኪናይ ኣበጊሰ ሓደ ኣንጎሎ ተኻሊለ ተመሊሰያ። ፍርሕን ሰሓቕን እናሓዋወሰት ደይባ። እናረሓቕና ምስ ከድና ፍርሓን ስክፍታኣን በኒኑ፡ ብኣግርሞት ተቐይሩ። መምርሒ ፍቓደይ ኣርእየያ- ተሓጒሳ።

ኣብ ትሕቲ ኣግራብ ፍልፍል ሰለሙና ኣዋግዕ ውዒልና ክንምለስ'ዩ ነይሩ መደበይ። ናብ ዝወሰድኩ ይውሰዳ ድምብርጽ ዘይበላ ሳምያ፡ ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ ገጽና ምስ ተጠወና ተሰራሲራ'ያ። ርእያቶ ኣይትፈልጥን'ያ። ሓደ መዓልቲ ክትርእዮ ከም ትደሊ እፈልጥ ነይረ'የ። ንባዕለይ መጺአዮ ኣይፈልጦን እየ። ሰሜናዊ ባሕሪ ዝፍቶ ቦታ'ዩ። ኣብ ድርኩኺቱ ኲይነ፡ ምስ ደበናታቱ ተማዓራርየ ጥራይ'የ ኣስተማቒረየ። ነዚ ከም መዓንጣ ዝተዓኳለለ ጽርግያ ምስ ረኣኹ፡ ከብደይ ተዘሪጉ። ነብሰይ እናኣተባባዕኩ ክቕጽል ፈቲነ፣ ኣይከኣልኩን። ሳምያ ፍርሐይ ክትፈልጦ ኣይደለኹን። ኣብ ሓንቲ ጽላል ደው ኣቢለ ሒዘያ ወሪደ። ብእግርና ጽርግያ-ጽርግያ ነዊሕ ከድና። ቅድሚ ሕጂ ትፈልጦ እንተ ትኸውን ንታሕቲ ንውረድ ምበለትኒ። ዝበዝሐ ሰብ ናብ ታሕቲ ወሪዱ፡ ብሰለሙና ኣቢሉ ብጊንዳዕ ከም ዝምለስ እፈልጥ'የ። ኣብ ሓንቲ ጽላል ኮፍ ኢልና፡ ጽማቕ ማንጉስ እናኣውረድና ኣዕሊልና፣ ተመሲሕና፣ ተተራኢስና ደቂስና። ሰዓት ሰለስተ ምስ ኰነ ንገዛና ነቒልና።

ሳምያ ጽባሕ'ውን ምፍላጣ ስለ ዘይተርፍ፡ ከመኽንየላ ነይሩኒ። "ኣብ ካልኣይ መዓልትና ታሕቲ ክንወርድ ኢና። ካብዚ ዝበልጽ ነገር ክትርእዪ ኢኺ፡" ኢለያ። ንፍርሐይ፡ በዛ ተስፋ ሸፊነዮ ኣለኹ። እዋይ መዓንጣ! ንሳምያይ ግን ኣዝዩ ዓቢ ነገር'ዩ። ኣብ ህይወታ ከም ዘይትርስዖ ነጊራትኒ። "እንቋዕ ንስኺ ተሓጒስክለይ፡" ኢለ ኣፋንየያ። ነዛ ነብሰይ ግን ንዕቕ ኣቢለያ።

ምሉእ ተሰፋይ

*14 ሚያዝያ 2024*

*10:10 ቅ.ቐ.*

"ስኒ ዓሻ ቍሪ ወደኦ!" መሲላትለይ እምበር። ቍሪ ዝውዳእ ስኒ የብለይን ጓል ግርማይ!

ካብ እዝጊስ "ፍሽኽታ ድራራ!" "ብርሃን ገጻ!" "ወርሓም!" "ጸሓዮም" ክትብለኒ የምሕረላ ነይሩ። ገጸይ ብዘይ መባኸቲ ዝተላዕጠጠ ገለ-መለ ክኸውን ኣይደልዮን'የ። በቃ ከምታ ንግሆ እትቕልቀል ጸሓይ ሕዳር። ሰብ ካብ ፍሽኽታ ዝዓቢ መልክዕ የብሉን፣ ኣየናይ ደኣ ኢላቶ'ምበር። ከም ሓቂ ኸኣ ንቑርበት ገጽን መትንታት ገጽን ኣገዳሲ'ዩ። ገጽ ቀልጡፉ ካብ ምእራግ'ውን የድሕርን። ፍሽኽታ ልቢ ሰብ'ውን ይገዝእ'ዩ፣ ኣየናይ ደኣ ኢላቶ'ምበር! ዝሰማዕኩም ንገሩዋ።

ብሌን ግርማይ

## መፃድያ ፍቕርና

*24 ሕዳር 2022*

*11:30 ቅ.ቐ.*

ምውቕ ዝበለ ናይ ምሕዝነት ግዜና ከይተፈለጠና ናብ ዕርክነት'ዩ ሒዙና ከይዱ። ምጩው ገጻ፡ ሰሓቓ፡ ኲሉ ክኹነልካ ዝኽእል ቅርጺ ኣካላታ፡ ልዕሊ ኹሉ ክልተኣን ኣራንሺኣ ከዕብዳኒ'የን ደልየን። ከፊልካ ይፍቀር እንተ ኹይኑ'ውን ንኣዒንታ ምመረጽኩ። ማዕጓር ኣይኮነትን፣ ዝማጦጐት'ውን ኣይኮነትን። ገጻ ከባብ እያ፣ ልዕሊ ምኽባባ ግን ወትሩ ንእሽተይ ጓል'ያ ተምስላ። ብእኡ ኸኣ ፍቱው ኣብላ። ክሳብ ትሓርቕ ንኽስ'የ ዘብላ ነይረ። ምሕዝነትና ከይተፍለጠና ናብ ዕርክነት ተቐይሩ። ብልቢ ተፍቅረኒ እንተ ኹይና ክሓታ ክብል እንከለኹ፡ "ኣይትሕተተኒ፡ ሕቶ ኣይፈቱን እየ፡" ትብለኒ። ኣብ ዝኾነ ኣርእስቲ ደስ ዝብሉኻ ሓሳባት እናሃበት፡ ኣብዛ ጉዳይ 'ዘረባ ቁልዓ' ምግባራ ደስ ኣይበለንን። ኣነ ኣፍ ኣውጺእና ብፍቕርናን መጻኢናን ክንዘራረብ እደሊ ነይረ። ሓላፍነት ዝበዝሖ ፍቕሪ ጽቡቕ ኣይኮነን ግዲ ኢላ ሓሲባ፡ ኣይሓገዘትንን።

በቲ ሓደ ወገን ሓቃ እያ። ህይወት ከም ባህታኻ ዘይከተስተማቕራ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ክንዲ ብዛዕባ ፍቕርኻን እትውዕሎ ምቁር መዓልትን ትሓስብን ትሰርሕን፡ ዘየድልየካ ሓላፍነት ተልዕል ኢኻ። ዘይናትካ ሓላፍነት ምልዓል፡ ብዛዕባ ሰብ ኣባኻ ዘለዎም ትጽቢታት ምሕሳብ፡ ነቲ ሓቂ ንስኻትካ ኣጥፊኡ ዕዋኖ ክገብረካ ይኽእል'ዩ። ኣብ ህይወተይ ከም "ምጥዓስ" ዝብሉዎ ዘጽልኣኒ የለን። እቲ ኹሉ ዝኸዶ ኸኣ ደስ ኢልኒ ክኸዶ'የ ዝደሊ። ከምቲ ባህገይ ዘይኩነ ጉዕዞ፡ ጽባሕ ከየጣዕሰኒ እፈርህ'የ። ምስ ሃኒ ዝጀመርናዮ ዕርክነት፡ እቲ ዝግብኣናን ዘይተርፈናን ዕዮ-ገዛ ኣይተሰከምናሉን። ንሳ ከምኡ ምሕሳባ ሕጂ ዝያዳ ከም ዝናፍቓ ገይሩኒ ኣሎ።

ድሕሪ ሓጺር፡ ምቁርን ተናፋቕን ናይ ዕርክነት ህይወትና፡ ንግዜኡ ብዘይ ምዝርራብ ተፈላሊና። ከምዛ ጽቡቕ ፍቕሪ ዘየሕለፍና፡ ከምቶም "ኖርማል" ዝፋለጡ ሰብ፡ ሰላም ክንበሃሃል ጀሚርና። ቍሩብ ጸኒሕና ኸኣ ናይ ኣሕዋት ባህሪ ክነርኢ ጀሚርና። ጸኒሕና ከኣ ናብታ ምሕዝነትና ተመሊስና። ቀጺልና ኸኣ ናብታ ዕርክነትና ክንምለስ ኢና። እታ ዕንክሊልና ንሳ'ያ። ኣነ ዝኹነት ትኹን መዓልቲ ተስፋ ኣይቈረጽኩን። እቲ ዝሓለፈ ተዋስኦ ከም ዘይኩነ እፈልጥ እየ። ውዒልና ሓዲርና ናብ ዝነበርናዮ ክንምለስ ምዃንና ኣብኡ እንከለኹ እፈልጥ ነይረ። ክሳዕ ሕጂ'ውን ብሓደ'ምበር በበይንና ኣለና ኢለ ኣይሓስብን። ንሳ እቲ ዘለዋ ነገራት ከተጽሪ ጥራይ'የ ግዜ ዝህባ ዘለኹ።

ትማሊ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ንመገሻ ነቒላ፡ ኣፍንየያ። ንምሸቱ እቲ ንዛወረሉ መገዲ በይነይ ክኸዶ ጀሚረ። ኣብ ሓሳበይ ግን ምሳይ ነይራ። ከይተፈለጠኒ ኣብቲ ንጥወየሉ ቦታ በጺሐ ኣብ ደረት ጽርግያ ኮፍ ኢለ። እዘን ሓጸርትን ውሑዳትን ዝተራኸብናለን ግዜ፡ ተመሊሰ ርእየየን። እንታይ ኲይነ ክንድኡ ጠፊኦያ ቀንየ ኣሕሲቡኒ። ኣይተረድኣኒን'ምበር ኣጸምየያ'የ። ከም ቀደማ ዘይምኹራያ ኣገሪሙኒ ኣሎ። ቀደም ደኣ ከመይ ድያ ነይራ። እቲ ብዙሕ ትናፍቐ፡ ብዙሕ'ዩ ዘኹርያ ነይሩ። "ልቢ ጓል ክንዲ መርፍእ፡ ስዕም እንተ'በልካያ ትጠፍእ፡" እንድዮም ዝበሉ። ናይ ሃኒ ግን "ኹራ ሃኒ ክንዲ መርፍእ፡ ስዕም እንተ ኣበልካ እያ ትጠፍእ፡" እያ ትበሃል። "ድሓን ድሕሪ ሕጂ ክትርእየኒ ኢኻ፣ ናይ ሓቀይ'የ ክትርእየ ኢኻ!" ትብለኒ'ሞ፡ ኣብ ሰሙነይ ክምለሳ እንከለኹ ረሲዓቶ ትጸንሓኒ።

ሎሚ ከቢዳ ኣላ፣ ኣዚያ ረጊኣ ኣላ። ስቕ ምባላ፡ ካብ ገዛ ክትወጽእ ዘይምድላያ፡ ከም ቀደም ሰሓቓ ዘይምቕዳሙ፡ እንታይ ኲይነ ዘየስተውዓልኩላ። ኣነ ኸኣ ብግልባጡ ውዕየ፡ ዋዛ እናደርበኹ ምስሓቕ ጥራይ ኲይነ። ብዙሕ ዝዕለል ነይሩዋ ይኸውን፣ ዘቐንዝዋ ነይሩዋ ይኸውን፣ ዘጨንቓ ነይሩ ይኸውን። ከምኡ ዓይነት ባህሪ ድኣ'ሞ ኣማዕቢላ ትኸውን። ይስተረኒ! እፈትዋ ነይረ'የ እሞ፡ መሊሰ ክጽለል እየ። ነቲ ዝነበራ ባህሪ ልቦና እንተ ዝኽዕወሉ፡ እዚ ለንቅነ ዝረኣኹዎ ክርኢ ምተጸበኹ ይኸውን'የ። ብምንታይ'ሞ ክሓታ። ክሳብ ትመጽእ ምጽባይ ጥራይ'ዩ፣ ካልእ ኣማራጺ የብለይን። እዋይ ቅነ ክቕሎ ክቐኒ'የ። እንተ ክኢለስ ዓቕሊ ክገብር እንታይ ደኣ።

ሰለማዊ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ቀመር ህይወት

14 ክፋል

**“ውልቃዊ ሓለፍነት ክትወስድ ይግባእካ። ኩነታት፣ ንወቕቲታት ወይ ንንፋስ ክትልውጦም ኣይትኽእልን ኢኻ። የግዳስ ንገዛእ ርእስኻ ክትልውጥ ትኽእል ኢኻ። እዚ እዩ እቲ እኹል ስልጣንካ።” - ጂም ሮን**

**“ወትሩ እቲ ብርሃን ከምኡ። ካልኦት ሰባት ሓለፍነት ክወስዱልካ ከቶ ኣይትጽበ።” - ሳንደይ ኣደለያ**

ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና ደለይቲ-ባህታ ኢና። ዝበዝሐ ሰብ ንባህታ ኣብ ሞያ፡ ማኪና፡ ኣባይቲ ... ይእልሾ። ኣብ ናትና ወለዶ፡ ብዙሓት ሰባት ሓለፍነት ኣብ ምስካም ከም ዘዕዘምዝሙ ወይ ዘዕጠጥዩ ይፍለጥ። ብኸምኡ እዩም እምበኣር፡ ብዙሓት ሰባት ኣብ እዚ ግዜ እዚ፡ ሓዳር ንኸይገብሩ ማእለያ ዘይብሎም ምኽንያታት ዝደርድሩ ዘለዉ። እቲ ንሱ’ዩም ዘቐርብዎ ምኽንያት፡ ሓለፍነት ሓዳር ከቢድ ምዃኑን ቁልዕ ምዕባይ ኣጸጋሚ ምዃኑን እዩም ዝጠቕሱ።

እዚ ዕምቆት ዘለዎ ኣመለኻኽታ ኣይኮነን። ግዴታኻ ክትዋጻእ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። የግዳስ ኑቲ ክትገብሮ ዝግበኣካ ምግባር ማእለያ ዘይብሉ ባህታ እዩ ዘምጽኣልካ። ብኡኡ ኣብልካ ንዓቕምኻ ዝያዳ ንኽትመጥጥ ይሕግዘካ። እዚ እዩ እቲ ናይ ብሓቂ ትርጉም፡ ናይ ብሓቂ ባህታ ዝፈጥር። ጸጋት እውን ደፊጥር እዩ።

ሓንሳእ ኑቲ ኣብ ግቡእካ ምምላእ ዘሎ ባህታ እንተ ተገዚብካዮ፡ ሓለፍነት ምስካም እምብዛ እዩ ዝቐልለካ። ዝነበርካ ጊደርካ ንሓለፍነትካ ምስ እትሰኽሞ፡ ኑቲ ባህታ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።

ግቡእካ ምፍጻም ክበዝል እንከሎ ኣብ ዓበይቲ ነገራት ጥራይ ክንሓጽሮ ኣይግባእን። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ደኳን ሓንቲ ኣቕሓ ምስ ገዝእካ፡ እቲ በዓል ደኳን ዝያዳ ሰናቲም መለሱልካ እሎ ንበል። ንስኻ ኸኣ እናስሓቕካ ነተን ዘይግብኣኻ ሰናቲም መለስካሉ። ከምዚ ክትገብር እንከለኻ እንታይ ደሰማካ? ቀሊዕ ነገር ብምግባርካ ብዙሕ ገንዘብ ከፊልካ ዘይትረኽቦ ባህታ ከም ዝሰምዓካ ፍሉጥ እዩ። ሓደት ሳንቲም ብዘይ ምትሓልካ ዝፈጥረልካ ከርዓት ቀሊል ኣይኮነን። እዚ እቲ ቀጻሊ ክትገብሮ ዝግበኣካ ዝቐለለ ነገር እዩ። ልክዕ ከም ሓደ ጀግና ዝኾንካ እዩ ስምዒት ዝፈጥረልካ።

ንስኻ ኣብ ሓደ ከቢ ኮፍ ኢልካ ኣለኻ ኢልካ እስከ ንገዛእ ርእስኻ ስኣሎ። ሓደ ሰብ ብጥቓኻ እናሓለፈ እንከሎ፡ ሓንቲ ዓባይ ጸሰጣ ኣውዲቑ።

ንስኻ ቅልጥፍ ኢልካ፡ “ይቕሬታ እዚ ሓወይ፡ ጸሰጣ ኣውዲቕካ ኣለኻ፡” ኢልካዮ።

ንሱ ኸኣ ግምጥል ኢሉ ናብ እታ ጸሰጣ እናተመልሰ፡ “ኦ ፈጣሪየይ! እዚ ሓወይ ንህይወተይ ኣድሒንካያ ኣለኻ፡ ምኽንያቱ ኸማን ኣጸጊመኒ ኣሎ። ኣብ እዚ ጸሰጣ እንታይ ከም ዘሎ ትፈልጥዶ? ኣብ መላእ ዕምረይ ሰሪሐ ዘዋህለልኩዎ ገንዘብ እኮ እዩ ዘሎ! እዚ ገንዘብ እዚ ጠፊኡኒ እንተ ዝነብር፡ ንሓዋሩ ጨርቀይ ምደርበኹ ነይረ!” ኢሉካ።

ሽዑ እንታይ ምተሰምዓካ?

ክትኣምኖ ምተጸገመካ፡ እቲ ምንታይሲ፡ ንስኻ ገንዘብ ጥራይ ኣይኮንካን መሊስካ፡ ብዙብሪ ንህይወት ናይ እቲ ሰብ ኢኻ ኣድሒንካ።

እቲ ኣብ እዚ ክስመረሉ ተደልዩ ዘሎ ቀጎምነር፡ ኣብ ቀሊል ነገር ግቡእካ ምምላእ ክሳብ ክንዲ እዚ ባህታ ዝርከቦ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ኣብ እቲ ኣጸጋሚ ግቡእካ ምምላእ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ቀጎምነር ከም ዝርከቦ ክትግምቶ ኣይከኣለካን እዩ።

ንሕና ንግቡእካ ምፍጻም ከም ጠንቂ ጸቕጢ ዱና እንርእዮ ዋላስ ከም ባህታ፡



ዝውሰኖ እንታይ እዩ? እቲ ቐንዲ ዝሓቶ ዝውሰን እምበኣር፡ ንሕና ብቐዳምነት ንገዛእ ርእስና ከም ‘ኣካል’ ዱና እንርእያ ዋላስ ከም ‘ሩሕ’ ዝብል ነጥቢ እዩ።

ኣካላት ንግቡእካ ምፍጻም ኣይደልዩምን እዮም። እቲ ምንታይሲ፡ ግቡእካ ምፍጻም ጻዕሪ ይሓትት እዩ። ሩሓት ንግቡእካ ምፍጻም ብጸጋ እዮም ዝቕበልዎ። እቲ ምንታይሲ፡ ግቡእካ ክትፍጽም እንከለኻ ኣጉዳሲ ሰብ ከም ዝኾንካ ደሰማካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍሉይ ከርዓት እውን እዩ ዝፈጥረልካ።

ኣብ ህይወት እቲ ናይ ብሓቂ ኣገዳሲ እንታይ ምዃኑ እስከ ሕሰበሉ። ናይ እዚ ሕቶ መልሲ እንተ ኣጻረኻዮ፡ ንምዕባዮማዮም ኣካላት ዕሽሽ ክትብሎ ፍቓደኛ ክትከውን ኢኻ። ንህንጡይነት ሩሕ ከኣ ክትሰምዖ ኢኻ።

ንምዃኑ ስለምንታይ ኢና ንፉዓት ክንከውን ሓያል ባህጊ እነሕድር? እቲ ምንታይሲ፡ ንገዛእ ርእስኻ ከም ንፍዕቲ ኣብ ኣእምሮ ምስኣል፡ መሰረታዊ ድሌት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ስለ ዝኾነ እዩ። እዚ ርእሰ ክብሪ እዚ እዩ እምበኣር፡ ንሕና ንኽንነብር ልዑል ጸዓት ዝፈጥረልና። ሓደ ሰብ ንፉዕ ምዃኑ ዘይሓስብ እንተ ኾይኑ፡ ንመብዝሕትኡ ናይ ምንባር ባህጊ ይኸስር እዩ።

ብዛዕባ እዚ እስከ ሕሰበሉ። ንሓንቲ እተጸገማ ሸማግለ ሰበይቲ ኣብ ጉደና ክትሕግዘን እንከለኻ፡ ካብ እቲ ንሰን ዝረኽባኦ ረብሓ ንላዕሊ ኢኻ ንስኻ ስምዒት ዕግበት እትረክብ። ኑቲ ካብ ጸቡቕ ዕዮ እንረኽቦ ጸዓት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ስለ ምንታይ ሰባት ቀጻሊ ንኻልኦት ሰባት ክንሕግዘ ከም ዘይንጽየይ የደንጹ እዩ።

ካብ ስራሕካ ዓመታዊ ዕረፍቲ ወሲድካ፡ ካብ እቲ ትነብረሉ ከተማ ወጺእካ ናብ ካልእ ከተማ ከም ዝኣተኻ ገይርካ ንገዛእ ርእስኻ ሕሰብ። ንሓንቲ ኣደናቒት ሓወልቲ ብኸመይ ከም እተሃንጸት ተገሪምካ እናተዓዘብካ እንከለኻ፡ ብድሕሬኻ ዋጭዋጭ ናይ ሰባት ሰሚዕካ። ብኡኡ ንብኡ ብስንባደ ግልብጥ ኢልካ ጠሚትካ።

ኣብቲ ኣብ ጥቓኻ ዝነበረ ፈለግ፡ ሓደ መንእሰይ ካብ እታ ተሰቒልዋ ዝነበረ ጃልባ ሰንከልከል እናበለ ክወድቕ ተዓዚብካ። እቲ መንእሰይ ሓንብሱ ኣይክእልን እዩ፡ ከም ሳዕቤኑ ክጠልቕ ጀሚሩ።

ንስኻ ኑቲ ተኸዲንካዮ ዝነበርካ ጽሩይ መዛወሪኻ ክዳን ከይዓጀብካ፡ ነጢርካ ናብ እቲ ፈለግ ኣቲኻ። እቲ ፈለግ ብምኽሊያ ዘይብሉ ጐሓፍ እተመልአ እዩ። ኣብኡ ዘለዉ ዝሞቱ ዓሳታት ብቑጽሪ ክትገልጾም ኣጸጋሚ እዩ። ንስኻ ግዳ እዚ ኹሉ ማስናኽላት ፈጺምካ ግዲ ኣይገበርካሉን፡ ምኽንያቱ ህይወት ሰብ ንኸተድሕን ኢኻ ትወናጨፍ ዘለኻ።

ዝነበርካ ጊደርካ ኑቲ ግዳይ ዓትዒትካ ሒዝካዮ። ብስሪ ትንፋስ ሕጽረት ፈንጠርጠር ኢሉ ከም ሕሰም ተቓሊሱካ። ንስኻ እውን ኣይተሓመቕካን ኣብቲ ጨናዊ ማይ ከይፍንጸግካ ተቓሊስካዮ። ኣብ መወዳእታ፡ ንሱ ፈንጠርጠር ምባል ኣቋሪጹ። ይኹን እምበር፡ ክብደቱ ምሕር ኣሸጊሩካ። ናይ ሓይሊ ኣጦካ ተጠቒምካ፡ ጎቲትካ ካብ እቲ ማይ ኣውጺእካዮ። ትንፋስ ስለ ዝሓጸረካ ኣዕሚቕካ ተስተንፊስ ኣለኻ። እቲ ማይ ከኣ ክሳብ ክንደይ ብድኑብድ-ጨናዊ ምዃኑ ሕጂ ዝያዳ ኣጺሩልካ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብድሕሪ እቲ ኹሉ ጸገም፡ ኑቲ ግዳይ ናብ ደንደስ እቲ ፈለግ ከተውጽኦ ተዓዊትካ። ካብኡ እዮም ካልኦት ሰባት ክተሓጋገዙኻ ጀሚሮም። ሓንቲ ኣንብላስ ኑቲ ግዳይ ሒዛቶ ናብ ሆስፒታል ተወንጪፋ። ጸቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ እቲ ግዳይ ምጥሓል ኮይኑ ዝነበረ ሰብ ብህይወቱ ኣሎ። ክሳብ ዝሰሓግ ደሰዕል ኣሎ። ጸጺሒሉ ከኣ ካብ እቲ ዝሰተዮ ብትንሕ ማይ ጠፍ ምባል ጀሚሩ። የግዳስ ደሓን ከም ዝኸውን ተፈሊጡ እዩ።

ንስኻ ናብ እቲ ኣዕሪፍካሉ ዘለኻ ሆስፒታል ኣቕሪቦም፡ ተጋሩኻ ኑቲ ዝረሰሐ ክዳውንትኻ ካብ ነብስኻ ኣውጺእካ፡ ናብ መሕጸቢ ክፍሊ ኣቲኻ። ኑቲ ብሽታ ዝሞቱ ዓሳታትን ካልእ ርስሓትን ዝጨነወ ኣካላትካ ንኸተጽሪ ልዕሊ ደርዘን ግዜ ሳሙና ኣዕፊርካ ተሓጺብካ።

ምፍጣርካ ክሳብ እትጸልእ ሕማቕ ጨና ስለ ዝበርትዓካ፡ “ድሕሪ ሕጂ ክሳብ መወዳእታ ዕምረይ፡ ናብዚ ከባቢ ገጸይ ከቶ ኣይክዘወርን እየ።” ኢልካ ጨዲርካ።

ሕጂ ብድሕሪ 30 ዓመታትን ብድሕሪ ናብ ልዕሊ 100 ዝተፈላለዩ ታሪኻውያን ቦታታት ምስ በጻሕካን፡ “ካብ ዝበጻሕካዮም ቦታታት እቲ ዝያዳ እትዝክሮ ቦታ ኣየናይ እዩ?” ተባሂልካ ተሓቲትካ።

“ኑቲ ሃንደበት ክጥሕል ዝረኣኹዎ መንእሰይ እሞ፡ ህይወቱ ንኸድሕን ዝኣለኺ ገይረ ዘድሓንኩዎ ሰብ እየ ዝዝክር፡” ኢልካ መሊስካ።

ካብ እዚ ዛንታ ከም እንርድኦ፡ ጸቡቕ ነገር ምስራሕ፡ ኩሉ ግዜ ወዓሉ ሓዲሩ እቲ ዝለዓለ ባህታ ዝፈጥር ምዃኑ እዩ።

ኣብ እዚ እቲ ቐንዲ ቀጎምነር ክስመረሉ ተደልዩ ዘሎ፡ ኣብ ረብሓ ግቡእካ ምፍጻም ምድሓብ ምዃኑ እዩ። ኣብ ክንዲ ሰቕ ኢልካ ንገዛእ ርእሰኻ ናብ ግቡእካ ምፍጻም ‘እትውርውራ’፡ ብእወታዊ መብራህቲ እንታይ ኪጋጥም ከም ዝኽእል ኣቐዲምካ ክትግምቶ ክትክእል ኣለካ።

ንገዛእ ርእሰኻ፡ “ከም ወጽኢት ናይ እዚ፡ እንታይ ዓይነት ሓጎስ ከምጽኣለይ እዩ?” ኢልካ ሕተታ።

ብድሕሪ እዚ፡ ባህታ ንምስትምቓር ደው በል። ኑቲ ስምዒት ኣብ ኣእምሮኻ ጸቡቕ ጊደርካ መዝግቦ። ካልእ መዓልቲ ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ኑቲ ኣብ ኣእምሮኻ ዝመዝገብካዮ ክትግንጽሎ ትኽእል ኢኻ።

ከም ግብራዊ ስጉምቲ፡ ጸቡቕ ስራሕ ክተበርክት ወጥናት ኣውጽእ። ናብ ሓደ ኣብ ጸቕጢ ዝርከብ ዓርክኻ ደውለሉ። ረኺብካ ኣጸናንዖን ኣዘናግዖን። ንዝሓመመ ሰብ ብጽሓዮን ዝድልዮ ነገር ብዓቕምኻ ግበረሉ። ብተኻኢ ስራሕ ምስኣኑ፡ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ንዝርከብ ሰብ፡ ስራሕ ኣብ ምርካብ ተሓጋገዞ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰናይ ነገር ክትዋፈር እንከለኻ፡ ርእሰ ክብርኻ ክብ ኣይብልንዶ ኢልካ?!

ንገዛእ ርእሰና ከም ንፉዓት ምርኣይ፡ ምሉእ ጸጋት ከም ዝህልወና ጌሩ ከም ልብና ከም እንሓጎን እዩ ዝገብረና። ካብ ዓራትና ኣዕጥፍ ከይተበረበረ ወጋሕታ ከም እንትስእ እውን ይገብረና። ኣብ ቅድሚ ንገዛእ ርእሱ ከም ንፍዕቲ ዝቖጽራ ሰብ ደው ኣይትበል። እንተ ዘዩ እቲ ሰብ ኣብ ልዕሌኻ ክሓኽረካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዓለምና ብዙሕ ሰብ ብዛዕባ ክረኽቦ ዘለዎ መሰል እምበር፡ ብዛዕባ እቲ ኣቐዲሙ ክፍጽሞ ዘለዎ ግቡኡ ኣይሓስብን እዩ። “ካብ እዚ እንታይ ኣሎ ንዓይ ዝምልከት? ካብ እዚ እንታይ እየ ክረብሕ? ...” ዝብሉ ሕቶታት ማእለያ የብሎምን።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ቅድሚ መሰሎም ምሕታቶም ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ዝሕጥ ዘይብሉ ሰባት ኣለዉ። ኣብ ዓለምና ዘለዉ ገለ ሕጋጋት እውን ነዚ ዝድግፉ እዮም። ንኣብነት ዝኾነ ዕንወት ንብረት ኪጋጥም እንከሎ፡ እቲ ሕጊ “ንብረ ንዑብተ ክኸፍሎ ሓለፍነት ኣለዎ፡” እዩ ዝብል፡ ኣብ ክንዲ “ንዑብተ ካብ ንብረ ክኩሓስ መሰል ኣለዎ” ዝብል።

ገለ ኣርካናት ፈላስፋታት ከም ዝብልዎ፡ “ዓቢ ሰብ ዝበሃል እቲ ብወለንታኡ ጸቡቕ ተግባር ዝፍጽም ዘይኮነ፡ እቲ ብትእዛዝ ጸቡቕ ነገር ዝገብር እዩ።” ስለምንታይ? እቲ ምንታይሲ፡ ክግበር እንከሎ፡ እቲ ሓራ ናይ ምዃን ባህሪ ተቓውሞቲ (resistant) እዩ ዝገብረና። ምእንቲ እዚ፡ ጸቡቕ ነገር ንኽነበርክት ዝ. እንተ ኣወጊድናዮ፡ በዚ ምኽንያት ዝዓበና ሰባት ክንከውን ንክእል።

ካብ ፈለማ ዕድሚኡ ኣትሒዙ፡ ንህጻን ግቡኡ ክፍጽም ክትምህሮ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ህጻን ካብ ተመክሮታት ከም ዝዓበየ ንምርግጋጽ፡ እቲ ህጻን ሓደ ጸቡቕ ተግባር ምስ ዓመመ ደው ኣብሎ። ጸቡቕ ምትግባር እንታይ ዓይነት ስምዒት ከም ዝህብ ሕተቶ።

ብድሕሪ እዚ፡ “እዚ ፈጢሩልካ ዘሎ ባህታ ብገንዘብ ምሽጥካዮዶ?” ኢልካ ሕተቶ።

ከቶ ኣይወሰዶን እዩ! እዚ ኑዩም ህጻናት ጸቡቕ ተግባር ክሳብ ክንደይ ክቡር ምዃኑ እዩ ዘረጋግጸሉም።

ዝርዝር ናይ እቶም ናትካ ግዴታታት ኣብ ደቂ ሰብ፡ ፈጣሪ፡ ሕብረተሰብ፡ ስድራ ቤት፡ ዓርኩመሓዛት፡ መማህራን ንገዛእ-ርእሰኻ፡ ... ኣውጽእ። ካብኡ ኑዩም ግዴታታት ብምፍጻም ብዝዓዓ ኣስተማቕሮም።

ሊቃውንቲ ከም ዝዋገሑ፡ እቲ ዝዓበየ ግዴታና ዓበይቲ ሰባት ክንከውን ከም ዘለና እዩ። እዚ ከማልእ ባህሪ ዝዓደለና መሳርሒታት ኣለዉ። ክንዲ ዝኾኑ፡ ከቶ ንብላሽ ክንኾነ ኣይግባእን።

ብኸምኡ እዩ እምበኣር፡ ልቦና ግዴታ ዝኾነን። ልቦና እቲ ንኽነንባቢ ዝሕግዘና ማይ እዩ። ብዘይልቦና፡ ኣብ ሓደ ደረጃ ተሸኺልና ኢና እንነብር። ንብዙሓት ሰባት፡ እቲ መጻኢታዊ ቃልስም ኣብ ልዕሊ ‘ጸቡቕ ተግባር ምዕማም’ ኣይኮነን። ንኣዮም ቀሊዕ ነገር እንታይ ምዃኑ ርግጸኛታት ኩይናም ክምልስዎ ኣይክእሉን እዮም።

ሓጎስ እውን ግዴታ እዩ። ገለ ሕብረተሰባት ንሓጎስ ከም ምርጫ ገይሮም እዮም ዝወስድዎ። “ኣነ ኣብ ቅዛት ክሽመም እንተ ደልየ እዚ ንዓይ መሰለይ (prerogative) እዩ።” ክብሉ ይሰምዑ። ይኹን እምበር፡ ከም ሓቂ ሕጉስ ምዃን ማለት ኣካል ናይ እቲ ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ዘለና ሓልዮት እዩ።

ሓደ ሰብ ብትሰፋውነትን ብባህታን ምስ ዝነብር፡ እቲ ናቱ ጸዓት ናብ ኩሎም እቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ይገዝእ እዩ። ብመንጽርሩ፡ ዕሩብ ሕልና ሰብ እውን ንሕማቕ ባህሪኡ ናብ እቶም ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሰባት ይዝርግ እዩ።

ኣባላት ስድራ ቤትካ ወይ ዓርኩመሓዛትካ ወትሩ ዕሩባት ሕልና እንተ ኾይኖም፡ እንታይ ክሰምዓካ ከም ዝኽእል እስከ ሕሰቦ። ንስኻ’ዩም ክትርእዮም እንከለኻ፡ መላእ ሓይልኻ ረሽሽዶ ይብለካ? ምእንቲ እዚ፡ ንስኻ ከምቲ ካልኦት ሓጎስ ክህጽጉልካ እትደሊ፡ ንኻልኦት ሰባት ሓጎስ ኣብ ምልጋስ ኑፉግ ክትከውን ኣይግባእን።

ኣብዚ ክዝክሩ ካብ ዝግባኦም ኣገደስቲ ቀጎምነራት፥

- ንፉዕ ሰብ ክትከውን እንተ ደሊኻ፡ ንፉዕ ሰብ ምዃንካ ብዝዓዓ ክተስተማቕሮ ኣለካ።
- ቀሊዕ ነገር ምስራሕ ልዑል ባህታ ዝፈጥረልካ እንተ ኾይኑ፡ ግቡእካ ምፍጻም ዝቐለለ እዩ ዝኸውነልካ።
- ቀሊዕ ነገር ምስራሕ ካብ ንዋታዊ ዓወት ንላዕሊ፡ ኣብ መዳይ ሩሕካ ባህታ ዝፈጥር እዩ።
- ንሓደ ኣጸጋሚ ስራሕ ድሕሪ ምዕማምካ፡ ደው ኢልካ ክሳብ ክንደይ ጸቡቕ ስምዒት ከም ዝፈጠረልካ ኣስተማቕር።
- ግቡእካ ምፍጻም ንዓቕምኻ ዝያዳ ንኽንመጥጥ እዩ ዝሕግዘና።
- ግቡእካ ምፍጻም ኣብ ህይወት ዘይተርፍ እዩ። ምእንቲ እዚ፡ ንስኻ እውን ብዝዓዓ ባህታ ክትረኽቦ ክትክእል ኣለካ።

**“ዋጋ ዕብየት ሓለፍነት እዩ።” - ዊንስተን ቸርቺል**

**“ሓለፍነት ማለት መግዲ ክትረኽብ ከም እትኽእል እትፈልጠሉ ባህታ እዩ።” - ሻሮን ፒርሰን**

ይቕጽል

# ማሕበራዊ ዕብየት

*ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ*

## ምሕያል ዝምድናታት ዕዮ

ሓደ ሰራሕተኛ፡ ኣብ'ቲ ዝተመደቦ መደብን ቦታ ስራሕን ብዘይዝኾነ ይኹን ጸገም ንጥፈታቱ ከካይድ እንተኾይኑ፡ ብዘይካ'ቲ ዝውሃቦ ደሞዝን ካልእ ረብሓታትን፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኣሰራሕን ሰራሕተኛታትን እወታዊ ወይ ሰላማዊ ዝምድና ክህልው ኣገዳሲ ጠቓሚ ባእታ እዩ። ሰላማዊ ዝምድና፡ ተኣማንነት ከተሕድር፡ ሓድሓዳዊ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ክህልው፡ ኣፍራይነት ክዓቢ፡ መጠን ምዝላት ከተጉልብት፡ ፍርያምነት ክቕላጠፍን ካልእን ዘኽእል ቀጥታዊ እወታዊ ጽልዋ ዘለዎ እዩ። ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ብዘይካ እቲ ኣብ ልዕሊ ጉዳያት ዘውርዶ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጉድኣታት፡ ኣብ ኣፍራይነትን ፍርያምነትን ዘህልዎ ኣሉታዊ ጽልዋ፡ መግለጺ ክትረኽበሉ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ፡ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት'ውን ነዚ ዝተጠቕሱ ጸገማት ንምፍዋስን ዝምድናታት ዕዮ ንምሕያልን ዝተፈላለየ ስርሓትን መደባትን ኣብ ምትግባር ይርከብ። ዝምድናታት ዕዮ፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ፡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ኣብ ሓፈሻዊ ኩነታት ስራሕን ንናይ ሓባር ረብሓን ጥቕሚን ዝገብሩ ኩሎም ዓይነታት ርክባት ዝሓቑፈ እዩ።

ዝምድናታት ዕዮ፡ ካብ ሓበሬታ ምልውዋጥ ክሳብ ብሓባር ኩይኖካ ክርክራት ስራሕ ምፍታሕ ዘጠቓልል ንጥፈት ድማ እዩ። ስለ'ዚ፡ ሰላማዊ ዝምድና ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታት ኣወሐሰ፡ እቶታውነት ትካል ንኽዕቢ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ትካልን ዘሎ ዝምድናታት ክሕይል ኣለዎ። ዝምድናታት ዕዮ ንኽሕይል ግብራውነት ምፍታሕ ናይ ስራሕ ክርክራት፡ ምምዝጋብ ማሕበራት ዕዮን ሓባራዊ ስምምዓትን ከምኡ'ውን ምንዳፍን ምምሕያሽን ፖሊሲ፡ ኣዋጅ፡ ሕጋጋትን መምርሒታትን ዕዮ ክረጋገጹ ክኽእሉ ኣለዎም።

ኣድማዒ ምሕደራ ዕዮ ክህሉ ሰላማዊ ዝምድናታት ዕዮ፡ መሰረታዊ ባእታ ኽገራዊ ምዕባለን ልምዓትን እዩ። ብኣንጻሩ ድማ፡ ናይ ዕዮ ክርክራት ንሰላማዊ ዝምድናታት ብምስዓር፡ ዕላማታትካ ንኸይትወቅዕ ይገብሩ። ክርክራት ስራሕ ብስምምዕ ክዛዘም ኩሉ ዓይነታት ጻዕሪ ክካየድ ኣለዎ። ክርክራት ስራሕ ማለት ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ምሕደራኦምን ዘሎ ዘይምስምማዕ ዝምልከት ኩይኑ፡ ብኢጋኡ ምስ ዘይፍታሕ ናብ ኢንዱስትርያዊ ኅድ ይምዕበል። ኢንዱስትርያዊ ኅድ፡ ናብ ዕንወት ዘምርሑ ተግባራት እዮም። ኢንዱስትርያዊ ኅዳት ንከም ኣብያ፡ ምዝሕታል፡ ሸርሒ፡ ምዕጻው ስራሕን ስራሕ ደው ምባልን ዝኣመሰሉ ክፋላት የጠቓልል። ኣብያ (Ban) ማለት ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ስራሕ ምእባይ ማለት'ዩ። ምዝሕታል (Goslow) ድማ ስራሕ ደው ከይበለ እቶት ብምጉዳል ዝፍጸም እዩ፡ ከምኡ'ውን ሸርሒ (Industrial sabotage) እቶት ወይ ናውቲ ትካል ብምብልሻው ወይ ብምዕናው ዝፍጸም እዩ።

ኣሰራሒ፡ ንሰራሕተኛታቱ ኣብ ሓፈሻዊ ኩነታት ስራሕ ሕድገት ክገብሩ ጸቕጢ ንምፍጣር፡ ስራሕ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ከየጸሑ መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል'ዚ፡ ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ብኣሰራሒት ዝውሰድ ስጉምቲ ኩይኑ፡ ከም ሳዕቤኑ ሰራሕተኛታት ዝሰርሕዎ መዓልትታት ደሞዝ ናይ ምርካብ መሰል የብሎምን። ስራሕ ደው ምባል (Strike) ድማ፡ ሰራሕተኛታት ንኣሰራሒኦም ኣብ



ሓፈሻዊ ኩነታት ስራሕ ሕድገት ክገብር ጸቕጢ ንምፍጣር፡ ስራሕ ደው ክብሉ መሰል ኣለዎም ማለት እዩ። እዚ ግዝያዊ ስራሕ ደው ምባል ብሰራሕተኛታት ዝውሰድ ሰላማዊ ስጉምቲ ኩይኑ፡ ካብ ቦታ ስራሕ ብምውጻእ ወይ ከይወጽኡ ክፍጸም ይክኣል። ሰራሕተኛታት ክርክር ስራሖም ክሳብ ዝፍታሕ ከም ቀጻሪት ሰራሕተኛታት ምኳኖምን ናብ ቦታ ስርሖም ከምዝምለሱን እምነት የሕድሩ። ዓይነታት ክርክራት ስራሕ፡ ዋላ'ኳ ኣብ በበይኑ ሃገራት ብዝተፈላለዩ መልክዕት ይገለጹ እምበር፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብኽልተ ዓይነታት ክርክራት ስራሕ እዮም ዝግለጹ። ንሳቶም ድማ፡ ውልቃውን ሓባራውን ክርክራት ስራሕ ይበሃሉ። ውልቃዊ ክርክር ስራሕ ዝበሃል ብቐንዱ፡ ናይ መሰል ሕቶ ዝምልከት ኩይኑ፡ ኣብ መንጎ ሓደ ሰራሕተኛን ኣሰራሒኡን ዘሎ ክርክር ስራሕ ዝምልከት ይኸውን። ናይ መሰል ክርክራት፡ ወሀብት መሰላት ኩይኖም፡ ንትርጉም ወይ ንክወን ነገር ዝምልከቱ ሕቶ መሰላት ዘልዕሉ እዮም። እዚ መሰል'ዚ ኣብ ሕጊ ዕዮ፡ ሓባር ስምምዕን ውዕል ስራሕን ተሰኒዶም ንረኽቦም። በቲ ካልእ ሸነኽ ሓባር ክርክር ስራሕ ብቐንዱ ናይ ረብሓ ሕቶ ዝምልከት ኩይኑ፡ ዘይነበሩ'ኻ መሰላት ንምርካብ ዝግበር ጻዕሪ እዩ። ኣብ መንጎ ብዙሓት ሰራሕተኛታትን ኣሰራሒ ወይ ድማ ኣሰራሕትን ዘሎ ክርክር ድማ ይምልከት። ኣካል ናይ ሓባር ክርክር ስራሕ ንምኳን እምበኣር፡ ሓደ ዓይነት ክሲ ወይ ረብሓ ክህልወካ ኣለዎ ማለት'ዩ።

ክርክራት ስራሕ ቀድሚ ምብጋሶም፡ ኣብ ቦታ ስራሕ እንከለዉ ክንከላኸሎም ምስ እንኽእል፡ እቲ ዝበለጸን ተመራጽን ኣተኣኣላልያ ክርክራት ስራሕ ይኸውን። ኣብ ቦታ ስራሕ ዕላት ምትሕግጋዝ ምስ ዝሀሉ፡ ክርክራት ስራሕ ብቐሊሉ ኢ'ኻ ትቆጻጸሮም። እቶም ዕዉት ምትሕግጋዝ ዝበዝሑ ድማ ኣድማዒን ብቑዕን ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ምግባር፡ ንመሰላትን ግቡኣትን ዝምልከቱ ሓበሬታ ምዝርጋሕ፡ ስሩዓት ትምህርታውን ናይ ስልጠና ፕሮግራማትን ምትግባር፡ ከምኡ'ውን ብናይ ሓባር ዘተ ናብ ስምምዕ ምብጻሕ የጠቓልለ።

ናይ ስራሕ ክርክር ግዜ ምስ ዝወሰደን ዘጸድሊ መልክዕት ምስ ዝሕዝ፡ ኣብ ረብሓ ሰራሕተኛታት፡ ኣሰራሕቲ ከምኡ'ውን ቁጠባ ሃገር ዘለዎ ሳዕቤን ርዱእ እዩ። ስለዚ፡ ነፍሲ-ወከፍ ተኻራኻሪ ወገን ጉዳያት ብቖሉዕ ልቦና፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜን ብናይ ምርድዳእ መንፈስን ንምፍታሕ፡ ናይ ምጽዓት ሓላፍነት ዘለዎም ምኳኑ ትሕዝቶን መንፈስን ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቁጽሪ 118/2001 ብንጹር ይገልጽ። መብዛሕትኡ ግዜ ክርክራት ስራሕ ብዕርቂ፡ ብመንጎኛነት፡ ብዳኛነት፡ ሽምግልና ከምኡ'ውን ዳኛነት ብዝኣመሰሉ ካልኦት ኣገባባት ክፍትሑ ይኽእሉ እዮም።

ሳልሳይ ወገን ክኣትወሉ ዝኽእልን ንተኻራኻርቲ ኣብ ስምምዕ ንኽበጽሑ እተቀራርበሉ ወይ ሓጊዙ እትህበሉን ኣገባብ፡ ዕርቂ (Conciliation) እዩ። መንጎኛነት (Mediation) ድማ ልክዕ ከም ናይ ዕርቂ ዝመስል ኣገባብ ዝኽተል ኩይኑ፡ ነቲ ክርክር ንምፍታሕ ዝሕግዝ እማመ ግን ከቕርብ ክኽእል ኣለዎ። መስርሕ ዕርቂ፡ ምቅርራብ ንዕርቂ፡ ምኽያድ ዕርቂ ከምኡ'ውን ምንዳፍ ስምምዕ ዝኣመሰሉ ስሩዓት ወይ ኣገባባት ብምኽታል ይፍጸም። ኣብ መወዳእታ ተኻራኻርቲ ወገናት ነቲ ብዕራቒ ዝቐረበሎም ንድፊ ስምምዕ እንተደኣ ተቐቢሎሞ ክታሞም የንብሩሉ።

ብዕርቅን ብመንጎኛነትን ዝፍትሑ ናይ ስራሕ ክርክራት፡ ኩሉ ግዜ ዝያዳ ብልጫ ወይ ድማ ረብሓ ኣለዎም። ምኽንያቱ፡ ተኻራኻርቲ ወገናት ኣምሳያኦ ክመጽእ ዝኽእል ወጽኢት፡ ባዕሎም ስለዝቆጻጸርዎን ተዓጻጻፊ መስርሕ ብምኳኑን እዩ። ዝተናውሐ ስእርዓት ኣብያተ-ፍርዲ ስለዘምጋድ ድማ፡ ናይ መጻኢ ሰላም ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን የውሕሱ። ከም ኣገባብ ድማ እቲ ዝበለጸን ብዝያዳ ክሰርሓሉ ዝግባኦን እዩ።

ሳልሳይ ወገን ዝኣትወሉን ናይ ተኻራኻርቲ መጐት ኣብ ግምት ብምእታው ብይን (Award) ዝወሃበሉ ኣገባብ ድማ፡ ዳኛነት ሽምግልና (Arbitration) ይበሃል። ኣፈጻጽማ ዳኛነት ሽምግልና ዝዘጎ ብይን፡ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ይፍጸም። ዳኛነት ሽምግልና ምስ ዳኛነት ዘመሳስሎም፡ ክልቲኡ ኣገባባት ዝሀብዎ ውሳነ ቀያዲ ብምኳኑ እዩ። ዋላ'ኳ ክርክራት ስራሕ ብዳኛነት ሽምግልና ንኽፍትሑ ኣብ ሕጊ ዕዮ ሰፊሩ እንተሎ፡ ብምኽንያት ዋሕዲ ኣፍልጦ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ብጥዑይ ክሰርሓሉ ኣይጸንሐን።

ዳኛነት (Adjudication)፡ ናይ መወዳእታ ኣገባብ ኣፈታትሓ ክርክራት ኩይኑ፡ ጉዳያት ብቐዳማይ ደረጃ ኣብያተ-ፍርድን ቦርድ ዝምድናታት ዕዮን ተራእዩ ውሳኔ ዝወሃበሉ መስርሕ እዩ። ቀዳማይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዮ፡ ውልቃዊ ክርክራት ስራሕ ክርኢ እንከሎ፡ ቦርድ ዝምድናታት ዕዮ ድማ ሓባራዊ ክርክራት ስራሕን ብይን ዳኛነት ሽምግልናን ብይግባይ ይርኢ። ኣብያተ ፍርዲ ዕዮ፡ ብፀሀራኦም ካብ ካልኦት ሲቪላዊ ጉዳያት ፍሉያት እዮም። ምኽንያት፡ ፍሉይነቶም ክርክራት ስራሕ ሰብኣዊ ክብሪ ዝሓዘ ብምኳኖም በቲ ሓደ፡ ወዕል ስራሕ ድማ ውልዕ ጥፍእ ዝብል ዘይምኳኑ በቲ ካልእ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ዋላ'ውን ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ይሃብ፡ ክልቲኦም ወገናት ብሓንሳብ ናይ ምንባርን ምቕጻልን ተኽእሎ ኣሎ። ዝወሃቡ ውሳኔታት ድማ ንማሕበራውን ውልቃውን ሂወት ሰራሕተኛታት ዓቢ ጽልዋ ስለዘለዎ፡ ኣብ ቤት-ፍርዲ ብፍሉይ መጋባእያ ዕዮ ክተሓዙ ግድን ይኸውን።

ሓደ ካብቶም ቀንዲ ዕላማታት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት፡ ኣብ ትካላት ኢንዱስትርያዊ ሰላም ምስፋን እዩ። ስለዝኾነ፡ ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ሓፈሻዊ ናይ ስራሕ ኩነታቶም ዘመሓድር ባይታ ንምፍጣር፡ ማሕበር ናይ ምቛም መሰልን ናይ ሓባራዊ ዘተ መሰልን ኣፍቂዱ ብጉዑበ ደሰርሓሉ ኣሎ። ማሕበራት ዕዮ ናይ ምምስራት መሰል ብቐንዱ ኣብ ዓንቀጽ 86 ሕጊ ዕዮ ቁጽሪ 118/2001 ሰፊሩ ይርከብ። ካብዚ ብምብጋስ ኩሎም ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን መሰል ከምዘለዎም ይፍለጥ። ማሕበራት ኣሰራሕቲ ይኹኑ ወይ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ማሕበር ስለዘቖሙ ጥራይ ንበይኑ ናጽነት ማሕበር ተረጋጊጹ ክንብል ዝከኣል ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ናጽነት ማሕበራት ንምርግጋጽ፡ ተጠቀስቲ ወገናት ቅዋም ማሕበሮም ንኽጸድቑ፡ ወኪልቶም ብናጻ ንኽመርጹ፡ ምሕደራኦም ንኽውድቡን ዕማማቶም ብናጻ ንኽሰላስሉን ዝኣመሰሉ መሰላት ክኽበረሎም ኣለዎ። ከም መቐጸልታ ምኽባር ናጽነት ማሕበራት ዕዮ፡ ሰነዳት ምዝገባ ማሕበራት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ከምዝሕተበር፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዝሓቆፉ 157 መሰረታውያን ማሕበራትን 5 ፌደረሽናትን፡ ከምኡ'ውን 1 ፌደረሽን ኣሰራሕቲ ኤርትራ ተመዝጊቦም ይርከቡ። ሓባራዊ ዘተ ድማ ብወለንታ ክልቲኦም ወገናት ዝትግበር ኩይኑ፡ ንዕኡ ዘገልግል ሕግን መንግስታዊ ቅርጽን ተዋዲዱሉ ይርከብ። ኣብ ዓንቀጽ 99 ተጠቒሱ ከምዘሎ፡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ናይ ምዝታይ መሰል ኣለዎም። ትሕዝቶ ሓባር ስምምዕ ብቐንዱ ብተወዓዓልቲ ወገናት ዝውሰን ኩይኑ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቁጽሪ 118/2001 ዓንቀጽ 102 ድማ ንመዘዘዩ ዝኾውን ነጥብታት ኣስፊሩ ይርከብ። ሓባር ስምምዕ ሕጋውነት ክህልዎ፡ ኣብ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ክምዝገብ ኣለዎ። ካብ'ቲ በዚ ኣገባብ ብሚኒስትሪ 99 ሓባር ስምምዓት ተመዝጊቦም፡ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ይርከቡ።

ኤርትራ ኣብ 1993 ዓ/ም ኣባል ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ኩይና። ከም ናይ ኣባልነት መጠን ድማ፡ ብመሰረት ቅዋም እቲ ውድብን ብወግዒ ዝተቐበለቶ ኣህጉራዊ ውዕላት ዕዮን ናብ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ጸብጻባት ክትልእኽ ግቡኣ እዩ። ስለ'ዚ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ብፍላይ ከኣ ዝምድናታት ዕዮ፡ ብመንገዲ ኣሃዱ ምክትታል ውዕላትን ስምምዓትን ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ፡ ንጥፈታት ትግበራ ኣህጉራዊ ውዕላትን ለበዋታትን ተኸቲሉ ዕማማቱ ኣብ ምስልሳል ይርከብ።

ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንሸሞንተ መሰረታውያን ውዕላት ኣጽዲቓ ትርከብ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ጸብጻብ ክትገብር ስለዝግባኣ ድማ፡ ብመሰረት እዚ ቅዋም ኣብ'ዞም ዝተጠቕሱ መሰረታውያን ውዕላት፡ ከምኡ ልሙድ ምስ ሃገራዊ ሕግታትን ትግባረን ብምግንዛብ፡ እዋናዊ ጸብጻብ ብምድላው ናብ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ጸብጻባት ይልኣኽ። ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ውዕላትን ለበዋታትን ዘተኮሩ፡ ግቡኣት ንምፍጻም ሓያሎ መጽናዕቲ ብምክያድ ሕጋዊ ርእይቶኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ይልኣኽ።

**ብንያም ኣሕፈሮም**
**ጨንፈር ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ**

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ምትሃት ስድራ ዋይሪክ

ኣብ ስድራ ዋይሪክ ብተደጋጋሚ ሓደ ምትሃት ክርኣ ጀመረ፡፡ ሀይዲ ዝተባህለት ህጻን ጓልም መንፈስ ናይ ዝሞተ ሰብ ክትርኢ ጀመረት፡፡ ስድርኣ ግና ከዘን ሓፈሻዊ ኩነታት ጓሎምን ክርድእዎ ኣገዩም ይሸገሩ ነበሩ፡፡ ስለዚ ካብ ሰ ፍልጠትን ቤተ ክርስትያኖምን ሓገዝ ክሓቱ ተገደዱ፡፡

ኣብ 1988፡ ስድራ ዋይሪክ ናብቲ ሓድሽ ገዛኦም ገዓዙ፡፡ ኣቐዲሞም ዋናታት እቲ ገዛ ዝበሩ ካብቲ ገዛ መውጽኢኦም ምኽንያት ከይነገሩ ብምስጢር እዮም ገዲፎሞ፡፡ ድሕሪኦም ስድራ ዋይሪክ ናብቲ ገዛ ምስ ኣተው፡ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ጓል ኣርባዕተ ዓመት ህጻን ጓሎም ምስ ሓደ ጎርዲ ዝተባህለ ዓቢ ሰብኣይ ግን ከኣ ብዓይኒ ዘይርኤ ሰብ ቀጻሊ ክተዕልል ጀመረት፡፡ ሀይዲ ምሉእ መዓልቲ ምስኡ ትጻወትን ትዘራረብን ነበረት፡፡ ኮታስ ኣካል ህይወታ እዩ ነይሩ፡፡

ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ግና፡ ሀይዲ በቲ ኣብ ኣፍደገ ገዛኣ ደው ኢሉ ዝረኣየቶ ምስሊ ሰብኣይ ኣዝያ ፈርሐት፡፡ እቲ ዝረኣየቶ ሰብኣይ ማልያ ተኸዲኑ ኣእዳዉ ድማ ብዱሻ ተጀኒኑ ነበረ፡፡ ድሕሪ'ዚ ፍጻመ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ድማ ምሉእ ነብሱ ጸሊም ክዳን ዝተኸድነ ሰብ ክትርኢ ጀመረት፡፡ ሓደ ለይቲ እቲ ምትሃት ኣብ ገጻ ጸፍዓ፡ ንኣቡኣ'ውን ተመሳሳሊ ፍጻመ ኣጋጠሞ፡፡ ስድራ ምልእቲ ድማ ኣብ ገዛኣ ምንባር ክፍርሓ ጀመረ፡፡ እንተኾነ ነቲ ምትሃት ብዓይና ዝረኣየቶ ሀይዲ ጥራይ እያ ነይራ፡፡ ስለዚ እታ ስድራ ናብ ዶክተራ ዊልያም ጂ. ሮል ደወለት፡፡

ዶክተር ዊልያም፡ ምትሃት ወጽኢት ናይ ብንቑሕካ ዝርኣ ሕልሚ ምኳኑ እዩ ገሊጹ፡፡ እንተኾነ ድሒሩ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ እዚ ጎርዲ ዝተባህለ ሰብኣይ ኣብቲ ገዛ ይሰርሕ ከም ዝነበረን ብዘጋጠሞ ሓደጋ ድማ ኣእዳዉ ከም ዝሰኣነን ተገሊጹ፡፡ እቲ ሀይዲ ዝረኣየቶ ድማ ምስቲ መግለጺ ተመሳሳሊ ነበረ፡፡

እዚ ጎርዲ ዝተባህለ ሰብኣይ ቅድሚ ምውላድ ሀይዲ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት እዩ ሞይቱ፡፡ ክሳብ ሎሚ ግና፡ ኣሰሩ ካብቲ ገዛ ክጠፍእ ኣይከኣለን፡፡ ዓመታት እናሓለፉ ምስ ከዱ ካብቲ ምትሃት ዝመጽእ ረብሻ መሊሱ እናወሰኸ ከደ፡፡ እዚ ምትሃት ድማ ኩላ ስድራ ክትርእዮ ጀመረት፡፡ ብዘይካ'ዚ ድምጺ ናይቲ ምትሃት ንኹሎም ኣብቲ ገዛ ዝመጽኡ ኣጋይሽን በጺሕትን ኣገዩ ክርብሾም ጀመረ፡፡

ሎሚ እዚ ገዛ ዝኡብሮ ሰብ ስለ ዝተሳእነ ተዓጽዩ ይርከብ፡ ግድሉ ግና ክሳብ ሎሚ ኣይተፈትሐን፡፡

ኣብ ኒውኦርሊንስ ዝርከብ መቓብር ቅዱስ ሉዊስውን ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ መናፍስቲ ናይ ዝሞቱ ሰባት ዝረኣይዎ ቦታ እዩ፡፡ እዚ መቓብር ልዕሊ 700 ጋህሰታትን ከባቢ 100,000 ሬሳታትን ዘለዎ ቦታ እዩ፡፡ ክሳብ ሕጂውን ነበርቲ እቲ ከባቢ ሬሳታቶም ኣብዚ እዮም ዝቐብሩ፡፡

ኣብ ግዜ ለይቲ በዚ ቦታ ዝንቀሳቐሱ ሰባት ብዙሓት መናፍስቲ ከም ዝርእዩ ይገልጹ እዮም፡፡ እዚ መቓብር ልዕሊ 300 ዓመት ዕድመ ዘለዎ እዩ፡ ኣብዚ መቓብር ብተደጋጋሚ ብጠዚሒን ዝርኣ መንፈስ ሜሪ ላቨ እዩ፡ እዛ 'ንግስቲ ጥንቆልና' ብዝብል ቅጽል ሰም እትፍለጥ ዝነበረት ሰብ ኣብ ኒውኦርሊንስ ፍልጥቲ ጠንቋሊትን ኣዝያ ተፈራሒት ሰበን ዝነበረት እያ፡፡ ንሳ ምስጠራት ብምንጋርን ባህላዊ መድሃኒት ብምድላውን ፍልጥቲ ነበረት፡፡ ኣዝያ ህብብቲ ብዘኾነት ብዙሑ መጠን ድማ ክእለታን ሓይላን ይወሰኽ ነበረ፡፡ ብተወሳኺ፡ ሰዉት ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ኣብ ኩሉ ጸፍሒታት ናይቲ ዝበረ ኣካል ሕብረተሰብ ምስጢር ትፈልጥ ከምዝነበረት እዩ፡፡ ኩሉ ሰብ ድማ ሓገዝ ደልዩ ናብኣ ይመጽእ ነበረ፡፡ ብዘይካ'ዚ ኣብ ቅድሚ ሰብ ብዝንደበት ናይ ምስዋር ሓይሊ ነበራ፡፡

ድሕሪ ሞታ ሰባት ኣብ ወሽጢ'ቲ መቓብር መንፈስ ሜሪ ካብን ናብን ክንቀሳቐስ ይርእይዎ ነበሩ፡፡ ኩሎም እዚ መንፈስ ዝረኣይዎ ሰባት ድማ ኣብ ገጾም ይጸፍዑ፡ ንድሕሪት ይወድቁ ወይ ኣብ ኣካሎም ገለ በሰላ የጋጥሞም ነበረ፡፡ እዚ ክሳብ ሎሚ ዝቕጽል ዘሎ ኮይኑ ንኹሉ ኣብ ከባቢ እቲ መቓብር ዝነብር ወይ በቲ ከባቢ ዝንቀሳቐስ ሰብ ዘርዕድ ዘሎ ፍጻመ እዩ፡፡

ሄንሪ ቪግስ ሓደ ካብዮም ዘሕዝኑ ዛንታታት ዘለዎ እዩ፡ ንሱ ኣብ 19 ዘመን ካብ ዝበሩ ዓበይቲ ዱህሰስቲ እዩ፡ ንሱ መተብርኡ ሓውሲ ሰበኸ ሶሞ ብምንባሩ ቀዋሚ ገዛ ኣይነበሮን፡፡ ሄንሪ ኩሉ ግዜ ብዙሕ እቶም ካብ ከተማ ክረስዎት ዝመጽእዎ ወረቓቕቲ ምስ ተኔሹቕ እዩ፡ ስለዚ ሓደ ግዜ ንመኻሻ ቅድሚ ምብጋሱ ንዋና ናይቲ ዝቕመጠሉ ዝበረ ገዛ ብምጽዋዕ እንተ ሞይቱ ነተን ወረቓቕቲ ምስኡ ክሕዝሉ ነገሮ፡፡ እቲ ወረቓቕቲ ሰዉት መቓብር ናይ ስድርኡ ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ፡፡ ዋና ገዛ ነቲ ወረቓቕቲ ካብ ሄንሪ ተቐቢሉ ብዘዕባኡ ክጭማቕ ከም ዘይብሉ ነገሩ ኣፋነዎ፡፡

እንተኾነ ኩሉ ከም'ቲ ሄንሪ ዝሓሰቦ ኣይነበረን፡ ዋና ገዛኡ ሄንሪ ምስ ገሸ ንመቓብር ስድራኡ ናብ ካልእ ሰብ ሸጦ፡ ሄንሪ ክሕደት ዋና ገዛኡ ካብ መገሻ ምስ ተመልሰ እዩ ፈሊጥዎ፡ ግና ዝኾነ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ኣይነበረን፡ ድሕሪ'ዚ ፍጻመ ድማ ነዊሕ ከይጸንሐ ሓሚሙ ሞተ፡፡ ሬስኡ ድማ ኣብ ሓደ ንጹር ዘይኮነ ቦታ ኣብ መቓብር ቅዱስ ሉዊስ ተቐብረ፡፡ ሎሚ ሄንሪ ኣብዚ ቦታ ካብ ዝቕበር ልዕሊ ሓደ ዘመን እኳ እንተ ኣሕለፈ መንፈሱ ግና ክሳብ ሎሚ ነቲ መቓብር የናውጾ ኣሎ፡፡ ኩሎም በጺሕቲ እቲ መቓብር ምስ መንፈስ ሄንሪ ከም ዝተዘራረቡ እዮም ዝገልጹ፡፡ እቲ መንፈስ ነዮም በጺሕቲ ኣብቲ መቓብር ንሱ ዝኸውን ቦታ ኣሎ እንተ ኾይኑ እዩ ዝሓቶም፡፡ ካልኦት ሰባት ድማ ብተደጋጋሚ "ከዕርፍ ይደሊ እየ!" ዝብል ድምጺ ወዲ ተባዕታይ ከም ዝሰምዑ እዮም ዝገልጹ፡፡

ምትሃት ስድራ ዋይሪክን ምዝንባይ መንፈስ ሜሪን ሄንሪን ኣብ መቓብር ቅዱስ ሉዊስን ክሳብ ሎሚ ግድሉ ኣይተፈትሐን፡፡



## ቀቢላ ቻምብሪ

ቀቢላ ቻምብሪ ኣብ ፓፓ ኒው ጊኒ ከባቢ ቀላይ ቻምብሪ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም፡፡ ቋንቋ ቻምብሪ ድማ ይዛረቡ፡፡ ኣብዚ ቀቢላ ደቂ ኣንስትዮ ኣጉዳሲ ተራ ይጻወታን ዓብለልትን እየን፡፡ ቀቢላ ቻምብሪ ኢንዲንጋይ፡ ምምቡን ከምኡ'ውን ከለምቢት ዝበሃላ ሰለስተ ዓድታት ኣለውኦም፡፡ ኣብኣን ድማ ይነብሩ፡፡ ሎሚ ኣብዘን ዓድታት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ህዝቢ ኣለው፡፡



ጎረቤቶም ኢታሙል ዝበሃሉ ቀቢላ ኮይኖም፡ ምስኦም ድማ ንግዳዊ ንጥፈታት የካይዱ፡፡ እቲ ዘካይድዎ ንግዳዊ ንጥፈት በደላ ዝበሃል ጥንታዊ ንግዲ እዩ፡ ቀንዲ ዚ ንግዲ ዘካይድኦ ደቂ ኣንስትዮ እየን፡ ብዘይካ'ዚ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ የካይዱ፡፡

ኣብዚ ቀቢላ ሳዕለዋይ ስልጣን ዝሓዙ ደቂ ተባዕትዮ ዘይኮኑ፡ ደቂ ኣንስትዮ እየን፡ ከምኡ'ውን ካብ ካልእ ህዝቢ ፍልይ ዝበለ ዓሳ ገፊፈን ንስድራ ቤተን መግቢ ዘዳልዋን ነቲ ዝተረፈ ዓሳ ነዊሕ መገዲ ተጓዒዘን ዝሸጥኣን ንሳተን እየን፡ ዚያዳ ሓላፍነታውያን ብምኳነን ድማ ዝለዓለ ጸፍሒ ክሕዛ ክኢለን ኣለዋ፡፡

ኣብ ግዜ መርዓ ግና ዓብላልነት ናይ ዝኾነ ጾታ ኣይርኣን እዩ፡ ድሕሪ መርዓ ድማ እቲ ሓዳር ብኣቦ እዩ ዝምራሕ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ዝምርዓውኦ ወዲ ተባዕታይ ክመርጻ ምሉእ መሰል እዩ ዘለወን፡፡ መርዓት ድማ ኣብ መዓልቲ መርዓኣ ዛዕጎል ይወሃቦ፡ ንመርዓት ዝወሃቡ ዛዕጎላት ዝተፈላለየ ትርጉም ዘለዎም እዮም፡፡ ገለ ካብኦም ንምዕባይ ቁልዓን ወርሓዊ ጸግያትን ዝውክሉ እዮም፡፡

ኣብ ቀቢላ ቻምብሪ ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ኣንስትዮም ዘይፈልጥኦ ንሓድሕዶም ዝጸዋወዕሉ ምስጢራዊ ካልኣይ ስም ኣለዎም፡፡ ዚ ስም ኣብ ዘርያኦም ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝህልዋሉ ግዜ ክጽውዕዎ ኣይፍቀደሎምን እዩ፡ ስለዚ ለይቲ ደቀሰም ከለዉ ዚ ካልኣይ ስሞም ከይጸውዕዎ ኣዝዮም እዮም ዝፈርሑ፡፡ ዚ ግና፡ ንኹሉ ግዜ ብምስጢር ክሕዝዎ ኣይክእሉን እዮም፡፡

## ካብ ልምድታት ቀቢላ ፓራጃ ኣብ ግዜ ምውላድ ህጻን

ቀቢላ ፓራጃ ኣብ ህንዲ ደቡባዊ ኦሪሳ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ዝነብሩ እዮም፡፡ እዞም ህዝቢ 25 ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቢ ናይታ ሃገር ይሸፍኑ፡፡ ኣብዚ ቀቢላ፡ ኣደ ጥንሲ ካብ ዝሓዘትሉ ክሳብ ሓሪሳ ወላዳ ዝግብኣ ብዙሓት ክትገብሮም ዘይብላ ነገራት ኣለዉ፡፡ እዚ ኹሉ ንድሕነት እታ ኣደ ተባሂሉ ዝግበር እዩ፡ ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፥

- ዓሳ፡ ስጋን እንቋቑሖን ክትበልዕ ኣይፍቀዳን እዩ፡፡
- ግርደት ወርሒ ንዕበዩት እቲ ኣብ ማህጸን ዘሎ ቁልዓ ከም ዝጸልዎ ስለ ዝኣመን፡ ዚ'ውን ክትርእዮ ኣይፍቀዳን እዩ፡፡
- ዝኸሱ ሬሳ ክትትንክፍ ወይ ክትርኢ ኣይፍቀዳን እዩ፡፡
- ኣብ ግዜ ህቦብላ፡ በርቂ ወይ ነጎዳ ካብ ገዛኣ ክትወጽእ ኣይፍቀዳን እዩ፡፡
- እቲ ህጻን ከይሰንበድ ተባሂሉ'ውን ዓው ኢላ ክትዛረብ ኣይፍቀዳን እዩ፡፡
- ሓዊ ኣብ ዝኣጎደሉ፡ ነቲ ፈሓም ባዕላ እንተ ኣርያቶ እቲ ቑልዓ ጸሊም ከም ዝወጾ ስለ ዝኣመን ፈሓም ክትኣሪ ኣይፍቀዳን እዩ፡፡
- ኣብ ልዕሊ መተርኣስ ኮፍ ክትብል'ውን ኣይፍቀዳን እዩ፡ ምኽንያቱ እዚ ምግባር ኣብ ግዜ ሕርሲ ከም ዘሸግራ ስለ ዝኣመን፡፡
- ድሕሪ ራብዓይ ወርሒ ናይ ጥንሳ፡ ሰብኣያ ናብኣ ክቐርብ ኣይፍቀደን እዩ፡፡
- ኣብ ግዜ ሕርሲ፡ እታ ኣደ ኣብ ትሓርሰሉ ክፍሊ ዝኾነ ሰብ ክኣቱ ኣይፍቀድን እዩ፡ መሕረሲትን ዓበይቲ ኣንስትን ጥራይ እየን ዝኣትዋ፡ ካህን ሰበይቲ - ጉሩምሚይን ድማ ሕርሲ ብሰላም ክዛዘም ኣብ ጎድና ኮይና ትጸሊ፡፡ ሕርሲ ከቢድ ክይከውን ድማ ባህላዊት ሓኪም - ጉንያ መድሃኒታ ኣዳልያ ትመጽእ፡፡ እታ ኣደ ኣብ ለይቲ ምልእቲ ወርሒ ኣብ ዝወጸትሉ ግዜ እንተ ወሊዳ እቲ ህጻን ዕሉል ሰራቒ ከም ዝኸውን እዮም ዝኣምኑ፡፡ መዳሕንቲ ኣብ ክሳድ እቲ ህጻን ክልተ ግዜ ተጠምጢሙ እንተ ጸኒሑ ድማ ሞት ኣቦ ወይ ኣኮ ዝገልጽ ትንቢት ምኳኑ ይኣምኑ፡፡



ኣብ ገለ ቀቢላታት፡ ድሕሪ ምውላድ ህጻን መዳሕንቲ ኣብ ትሕቲ መደቀሲ መጻምዲ ኣዕሚቖም ኩዒቶም ይቕብርዎ፡፡ እዚ ብኣቦ ዝዕመም ስራሕ እዩ፡፡

ብዘይካ'ዚ ቀቢላ ፓራጃ ህጻን ብጼጋማይ ማህጸን እንተ ጸኒሑ ኣንስተይቲ ጾታ፡ ብየማናይ እንተ ጸኒሑ ድማ ተባዕታይ ጾታ ሒዙ ከም ዝውለድ ይኣምኑ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኣልጋኸ መሓሪ ሃብተሚካኤል፥ ብዓል ቤተይ የማነብርሃን ገብሩ ንገሰ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቁ ድማ ወራሲት ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣታኽልቲ ኣረፋይነ ተስፋልደት፥ ኣደይ ዘውዲ ሽፍታ ዑቕባ ስለዝዓረፈት፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 5 ምምሕዳር 06 ጎደና 864 ቁ.ገዛ 25፥ ስፍሓቱ 412.5ት/ሜ ዝኾነ ብቁጽሪ ወረቐት 109238 መወከሲ ቁ.111075 ዋንነት ዝተረጋገጸሉን ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁ.መዝ ንብረት 48563/77545 ዝተመዝገበ ገዛኣ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ረጂስትራር ብምቕራብ ብቁ.መዝ 79/99 ብዕለት 15/6/1999 ንዓይ ንኣመልካትን ንሓወይ ዳዊት ኣረፋይነ ተስፋልደትን ብለዋ ስለዝገደፈትልና፥ ለዋ ይጽደቐልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ሚ/ሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነት፥ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ተስፋይ ገብረመድህን ወልደትንሳኤ 1.ገነት ገ/ሚካኤል 2.ዓወት ሪዘ 3.ዓወት ተስፋሰላሴ 4.ሰላም ተስፋሰላሴ 5.ኣለም ሃጸረኣብ 6.መተዛን ሃጸረኣብ 7.በየሉል የሴፍ 8.ፊሊሞን የሴፍ 9.ሰይት የሴፍ 10.ኤሸን የሴፍ 11.ናትናኤል የሴፍ 12.ኒጋ ወልደዝብርኤል 13.ዳዊት ወልደዝብርኤል 14.ኣርምያስ ወልደዝብርኤል 15.ኣምለሰት ወልደዝብርኤል 16.ኣሌክሳንደር ጃኒ ንምቅሊት ወርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፥ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፥ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጡ፡፡

ኣቶ ኣስመሮም ኣይንኣለም፥ ነ/ሄር ኣቦይ ኣይንኣለም ኣብርሃ ተፈራ፥ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቀሪቡ ብዕለት 23/03/2015 ብቁ.መዝ 65/2015 ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምምሕ/ዕዳጋ ሓመስ ሓዝሓዝ ጎደና 116-3 ቁጽሪ ገዛ 70 ዝርከብ ቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ ASL00020130 ዝለለዩ ትካል ቤት ዕዮ ሕብስቲ ምስ ምሉእ ንብረቱ ብህያብ ዝሃበኒ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰለማዊት ገብረስላሴ ኣስገዶም፥ ወከል ኣቶ ኢያሱ ኣሰፋው፥ ተኸሳሲ ኣቶ ፍጹም ሓድጉ ተኽለይ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣለም ገብረስላሴ ተኽሉ፥ ኣቦይ ገብረስላሴ ተኽለ ኢማንን ኣደይ ትብርህ ባይሩ ማሉን ስለዝሞቱ ፣ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣስመረት ገብረማርያም፥ ስም ኣደይ ኣረጋሽ ነጋሲ ዓቓ ምባል ተሪፉ፥ ዘመዳ ኪዳነ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለኣ ተስፋማርያም በራኺ፥ ብዓል ቤተይ ተኽለሚካኤል ማህደር ተኽለዜን ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን 23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ በኸዛም ተኽለሚካኤል ምባል ተሪፉ፥ ሪም ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ክፍለ ጺጋይ፥ ብሕጋዊ ወከል ርእሶም ኣቢሉ፥ ኣደይ ኣብርሀት ካሕሳይ ተኽለ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሙብራሃቱ ምኖና ኣብርሃም፥ ኣቡሓጎይ ኣብርሃም ሰጊድ ተስፋጽዮንን ዓባየይ ኣብርሃጼን ግደን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 13 ኣሕዋተይን ደቂ ሓወቦታተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለኣብ ተስፋሚካኤል ተኳ፥ ብዓልቲ ቤተይ ኤልሳ ጺጋይ ጊላዝክኤል ስለዝዓረፈት፥ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን13/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ሃብተ ኣርኣያን ኣቶ ተስፋዝጊ ካሕሳይ ኣብይን፥ ወድና ሄኖክ ተስፋዝጊ ካሕሳይ ስለዝተሰውአ፥ ንሕና ወለዱ ወረስቱ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ሃብታይ ተወልደ፥ ስም ኣደይ ንግስቲ ገብረመድህን ግደ ምባል ተሪፉ፥ ውዳሰ ጺጋይ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኤፍሬም ተኽለ ዘርኡ፥ ኣቡሓጎይ ዘርአ ኪዳነ ሳምሶም ከምኡ'ውን ዓባየይ ለተገርግሽ ኣብርሃም ተስፋማርያም ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 5 ህልዋት ኣሕዋተይን 4 ደቂ መዋቲት ሓፍተይን 4 ደቂ መዋቲ ሓወይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት መ/ም ኣዜብ ብርሃ ባህልቢ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሚካኤል ወልዳይ ኣበራ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዝፍብ የማነ ታደሰ ምባል ተሪፉ፥ ሳምራዊት የማነ ታደሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርሃዊ ክፍላይ ግርማይ ምባል ተሪፉ፥ ተስፎም ክፍላይ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ሃይለሚካኤል ዓንደማርያም ሞኣ፥ ብዓልቲ ቤተይ ማኣዛ ፍስሓ ባህታ ስለዝዓረፈት፣ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 1ወድና ድማ ወራሲ ምኳኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን 25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ወ/ሮ ለተንገስ ተስፋስላሴ፥ ሞግዚትነት ሕፃናት ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን9/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ተኽለ ማሕሙድ፥ ኣደይ ወ/ሮ ገብርኤላ ይሕደጐ ናይ ሽርሻሮ ንግዲ ፍቓድ (ልቸንሳ) ብዕለት 1/03/2023 ዓ/ም ብህያብ ስለዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መጅ ሓጅ መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ መጅዲ ሓጅ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ዑቕባማርያም ዘርኣየስ ወልደስላሴ፥ ኣደይ ጺጋ በየን ብደሆ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ግደይ ሃብተስላሴ ተስፋጼን ምባል ተሪፉ፥ ግደይ ገብረስላሴ ኣድሓኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጣህር ወሉበረብ፥ ብዓልቲ ቤተይ ሮግኣት ማሳፍን ፍስሃየ ስለዝዓረፈት፥ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን 15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ት/ዕድመ መያዚ መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ ማዜን መሓመድ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብርኽቲ ገብረኪዳን ተደለ ምባል ተሪፉ፥ ብርኽቲ ገብረኪዳን ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ገነት ወልደገርግሽ ተከኤ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ተከኤ ካሕሳይ ቀለታ፥ ብዕለት 01/02/22 ብ/ቁ/መ 01/22 ናይ መዝበሪ ገዛ ዝምልከት ኣብ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ቀሪበ ብህያብ ሂበዮ ዝበርኩ ክስረዘለይ ስለዝደለኹ፥ ተጸዋዒ ኣድራሻኡ ክረኽቦ ስለዘይከኣልኩ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ን15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዛይድ ሰይፊ ገብረትንሳኤ፥ ብዓል ቤተይ ኣብርሃለይ ምሕረትኣብ ስለዝዓረፈ፥ 4 ደቅና ጥራይ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

መሓመድ ኣማን ናስር ምባል ተሪፉ፥ ኣማን ናስር ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፥ ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ውዕል ጽገና ናይ ፎቶ ኮፒየርን ፕሪንተርን ከቕርቡ ዝኽእሉ ኣውዳዲሩ ክጽግን ስለዝደለየ፥ ግዱሳት ተወዳደርቲ ዝ. ዝስዕብ ረቛሕታት ዘማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክውግሩ ይዕድም፦

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2023 ግብሪ ከም ዝኸፈሉ መረጋገጺ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን ወረቐት መንነት ቅዳሕን፡፡
2. ተወዳደርቲ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ይወስዱ፡፡
3. ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፥ ሳንዱቕ ጨረታ ክሳብ ዕለት 10/07/2024 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ክፉት ኮይኑ፥ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ዕለት 10/7/2024 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
4. መኽበሪ ጨረታ 20,000.00 (ዒሰራ ሽሕ) ናቕፋ c.p.o የትሕዙ፡፡
5. ንዝርዝር መግለጺን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮሌጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ክፍሊ ዕድጊ ምውካስ ይከኣል፡፡ መወከሲ ቁ.ቴሌፎን 163834/163467
6. ቤት ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ኮምፒዩተር፥ ፕሪንተር፥ ላፕ-ቶፕ፥ ዩፒኤስ
ኣሃዱ፦ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ውዕል ምጽጋን ኮምፒዩተራት ፕሪንተር፥ ፎቶኮፒ ንምክያድ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ሚኒስትሪ ጥዕና ንዓመት 2024 ዓ.ም ካብ ወርሒ 1/1/24 ክሳብ 31/12/2024 ዓ.ም ውዕል ዝጸንሕ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ሪ ጥዕና ዝርከብ ናይ ቤት ጽሕፈት መሳርሒ ዝተፈላለየ ዓይነት ስርሓት ኮምፒዩተር (computer Desk top 235&Laptop 183 ) ፕሪንተር (printer 214) ፎቶ ኮፒ (poto-Copier 35) ዩፒኤስ (ups 414) ዓመታዊ ጽገና ከካይድ ስለዝደለየ፣ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተወዳደርቲ ይዕድም፡፡

ተወዳደርቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ሚ/ጥዕና፥ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፥ ዋጋታት ናይ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጽገና፥ ብዕሹግ ደንዳብ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፥ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መሳርሒታት ጽገና ዘካይዱ ክፉት እዩ፡፡
3 ተወዳደርቲ፥ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፥ ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ፡፡
4 ተወዳደርቲ፥ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፥ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ሰዩም ቁ.ቴ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5 ብቑዓት ተወዳደርቲ፥ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፥ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፥ ዕለት 31/7/2024 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጒዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተወዳደርቲ፥ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፍ ዝደለ ሰብን፥ ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ፥ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 31/7/24 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ፥ ዝምለስ ንጽገና 30.000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ከትሕዙ ይግባእ፡፡
8 ጨረታ፥ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተወዳደርቲ ኑቲ ዝተዓወተሉ ጽገና ባዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢላታት ጥራይ ጽገና ከካይድ ይፍቀደሉ፡፡
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ሓ/ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁጽሪ ቴሌፎን 125312
ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን፥ ቁ.ሳ.ፖ 213 ኤርትራ ኣስመራ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Port Equipment Maintenance Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.
• Supervise the department, that maintain and repair AMSC equipment at the Port.
• Perform regular Safety inspections, plan work ahead of schedule and control budget.
• Identify and order relevant parts required for repairs via the store system.
• Write standard operating procedures as required for high risk work.
• Candidate must be physically medically fit
• Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments
• Must be able to work at Heights.
• Must have Driver's License Minimum Code 2.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
Planning
• Responsible for forecasting and planning of maintenance and repairs of all allocated Equipment.
• Makes use of "Planned Maintenance Schedule". (Planned Task Document Observation).
• Tracks the use of maintenance and repair parts and orders accordingly.
Implementation of the Plan
• Identify the highest priority for each week and focus on completing relevant tasks.
• Ensures good housekeeping.
• Ensures maintenance and repairs of Maintenance Equipment are carried out in an efficient and effective way in order to minimize downtime, possibly effecting production.
• Performs regular inspections in order to detect potential problems before they cause breakdowns.
• Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
• Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
• Comply with AMSC'S cardinal rules and other Port safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards at the workplace.
• Maintains equipment; parts and supply stocks by carrying out regular stock takes and ordering replacements as required.
Writing Reports & Data Control
• Compile daily; progress reports for the department. (Action Tracker)
• Supervise team
• Provide technical support/motivation for the team, by supervising various activities.
• Provide training for the team (especially safety standards and procedures); schedules technical training.
• Conducts daily "Tool Box" meetings with the team.
• Manages time and attendance.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Grade 12 for locals (Technical School)
• Technical College Mechanical Diploma
Working Experience – Nature & Length
• 5+ years minimum relevant experience working with heavy duty Cranes, Kalmar Mobile Port Equipment and RAM Container offloading equipment.
• General Hydraulic knowledge and fault analysis.
Technical Skills
• Computer Literacy (MS Office – Intermediate,)
• Attention to detail
• Analytical skill
• Mechanical & Maintenance experience
• Problem solving skill
• Supervisory experience
Behavioral Skills
• Communication
• Interpersonal Relations
• Prioritizing skills & multi-skilling
• Ability to work towards strict deadlines
• High level of accuracy
• Self-motivation

Electrician
Number required – (02)
Type of contract – definite (3 months)

Major Duties and responsibilities.
• Responsible for a wide range of tasks related to the setup and maintenance of electrical infrastructure.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
• Execute plans of electrical wiring for well-functioning lighting, and other electrical systems
• Install electrical apparatus, fixtures and equipment for alarm and other systems
• Install safety and distribution components (e.g. switches resistors circuit- breaker panels etc.)
• Connect wiring in electrical circuits and networks ensuring compatibility of components
• Prepare and assemble conduits and connect wiring through them
• Prevent breakdown of systems by routinely inspecting and replacing old wiring and insulated cables, cleaning circuits etc.
• Perform effective troubleshooting to identify hazards or malfunctions and repair or substitute damaged units.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Diploma/ Trade Certificate in Electrical Installations
Working Experience – Nature & Length
• A minimum of 5 years' experience in industrial electrical work or project environment.
• Proven experience as an electrician
• Demonstrable ability to use electrical and hand tools (e.g. wire strippers, voltmeter etc.) and electrical drawings and blueprints
Technical Skills
• Ability to manage one's own activities on or ahead of schedule and on or below budget.
• Excellent communication, interpersonal and presentation skills.
Behavioral Skills
• Ability to interpret electrical single- line diagrams.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (3 months)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም


## ቻይናን ሰርብያን ስምምዕ ናጻ ንግዲ የተግብራ

ኣብ መንጎ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ረፓብሊክ ሰርብያን ዝተኸተመ ስምምዕ ናጻ ንግዲ፡ ካብ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣትሒዙ ተግባራዊ ክኸውን ከምዝጀመረ ተገሊጹ።

ቻይናን ሰርብያን፡ ብመሰረት እቲ ኣብ ጥቅምቲ 2023 ዝኸተማኦ ስምምዕ ናጻ ንግዲ፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ካብ'ቲ ኣብ መንጎአን ዝግበር ናይ ንግዲ ምልውዋጥ - ካብ ቀረጽ ናጻ ክኸውን ምኳኑ እዩ ተጠቒሱ።

እዚ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ተኸቲሙ ዘሎ ናይ ንግዲ ስምምዓት፡ ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ዝጠጠፍ ናይ ንግዲ ዓቕመን ብእወታ ከምዝጸልዎ ዝገለጸ ሚኒስተር ንግዲ ሰርብያ፡ ኩሉመዳያዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ንምድንፋዕ እውን ብዕቱብ ክሰርሓሉ ምኳኑ ኣረዲኡ።

ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑ፡ ፍርያት ሕርሻ፡ ዘመናዊ ስርሓት መሳርሒ ማሺነሪታት. . . ገለ ካብ'ቶም ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት - ካብን ናብን ብናጻ መንገዲ፡ ንግዳዊ ምልውዋጦት ዝግበረሎም ፍርያት/ነበረት እዮም።



## ሩስያ፡ እስራኤል ናብ ዩክሬን ኣጽዋር ከይትልእኽ ኣጠንቂቃ

ሩስያ፡ እስራኤል ስርሓት ኣመሪካ ዝኾነ ሚሳይላት ናብ ዩክሬን እንተልኢኻ፡ ተረር ግብረ-መልሲ ከምእትህበሉ ኣጠንቂቃ።

ሩስያ እዚ መጠንቀቕታ ዘመሓላለፈት፡ እስራኤልን ኣመሪካን ዩክሬንን ስርሓት ኣመሪካ ዝኾነ ዘመናዊ ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ንምልኣኽ ዝርርብ የካይዳ ከምዘለዋ፡ ጋዜጣ 'ኒው ዮርክ ታይምስ' ዝሓለፈ ሰሙን ድሕሪ ምቕላሑ እዩ።

ነቲ ናብ ዩክሬን ዝለኣኽ ዘመናዊ ኣጽዋር ከምእተሰዓንዎ፡ ብኣውራሉ ኸኣ ከቢድ ፖለቲካዊ ሳዕቤን ከምዘህልዎ - ሩስያ እያ ተጠንቂቓ።

ሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ዝሃበታአ ዘለዋ ወተሃደራዊ ሓገዙ ንሩስያ ወተሃደራዊ ዒላማታታ ክትወቕዕ ከምዝየኽእላ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ሩስያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቫሲሊ ኔቨንዝያ፡ ብኣንጻሩ እኳ ደኣ - ነቲ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክረይንን ተኸሲቱ ዘሎ ውግእ ከምዘሓሳልኾ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶን ሩስያን ቀጥታዊ ዝኾነ ግጭት ንምውላዕ ዝጸውዕ ምኳኑ ኣመልኪቱ።

ካብ መጀመርታ ጥሪ 2022 ኣትሒዙ ኣመሪካ ዝመርሓቶን ሃገራት ምዕራብ - ልዕሊ 380 በልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንዩክሬን ከምዝሃባአ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



## ኤውሮጳ - ብርቱዕ ዝናብ ሰብኣውን ንዋታውን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ፈረንሳ፡ ኢጣልያን ስዊዘርላንድን ዝወቕዐ ብርቱዕ ዝናብ ብዝሰዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ምህማም መሬትን ብውሑዱ 12 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ ንብረት እውን ከቢድ ዕንወት ከምዘወረደ ተፈሊጡ።

በቲ ሓደጋ ካልኦት ሓያሎ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ከምዘሎን፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ካብ ኣባይቶም ከምእተመዛበሉን እውን ተሓቢሩ።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ፈረንሳን ስዊዘርላንድን ኢጣልያን ከቢድ ትሕተ-ቅርጻዊ ዕንወት ከምዘወረደ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ዓበይቲ ጽርግያታት ናይ ከተማታት እውን - ብውሕጅ ብምስንኻሎም፡ ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላው ከምእተኸስተ ገሊጾም።

ብሰንኪ'ቲ ኣብዘን ሃገራት ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ከምእተቛረጸ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ምትዕርራይ ከይገበሩ ብደሆ ኩይኑዎም ምህላዉ ይጥቅሱ።

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኣብ 2000 ዓ.ም እውን ተመሳሳሊ ሓደጋ ኣጋጢሙ - ሂወት 13 ሰባትን ከቢድ ናይ ትሕተ-ቅርጺ ዕንወትን ከምዝለከመ ይዝከር።

ብሰንኪ ዘኖናሕሲ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ እናበኣሰ ዝመጽእ ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ፡ ሳዕቤናቱ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ እያም ክኢላታት ዘጠንቅቑ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ግሪኽ ብዘተኸስተ ባርዕ መሮር - ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬት ክቃጸል እንከሎ፡ ኣርባዕተ መንበሪ ኣባይቲ ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ መካይን በቲ ሓዊ ከምእተሃመኻ ተገሊጹ።

ነቲ ባርዕ ንምቁጽጻር፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ልዕሊ 230 ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ፡ ምስ 17 ነፈርቲን ተወሰኽቲ 12 ሄሊኮፕተራትን ተዋፊሮም ከምዘለዉ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።



## ሜክሲኮ - ኣብ መንጎ ጉጅለታት ገበን ብዝተፈጥረ ግጭት 19 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ክፍሊ-ሃገር ቺፓስ - ሜክሲኮ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ጉጅለ ገበኛታት ብዝተፈጥረ ግጭት፡ ብውሑዱ 19 ሰባት ከምዝሞቱ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

እቶም ግዳያት፡ ኣባላት ናይ'ተን ብሲናሎን 'ጓቲማላ-ሜክሲኮን' ዝፍለጡ ክልተ ጉጅለ ገበኛታት ምኳኖም ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ሬሳታቶም ኣብ ዶብ ሜክሲኮን ጓቲማላን ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ናይ ጽዕነት መኪና ከምእተረኽበ ገሊጾም።

ዶብ ሜክሲኮን ጓቲማላን ኣብዚ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ጉጅለ ገበኛታት ብዝተኸስተ ግጭት - ኣብ ከቢድ ጸጥታዊ ቅልውላው ከምዝርከብ ዝገለጹ እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ቲ ግጭት፡ "ንዶብ እተን ክልተ ሃገራት መን ተቖጻጸረ" ዝዕላማኡ ምኳኑ የረድኡ።

እዞም ክልተ ጉጅለታት፡ ነቲ ዶብ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ-ፋርስ ተዋፊሮም ንኽሰርሕሉ - ኣብ ህልኽ ተጸሚዶም ከምዝለዉ ብተወሳኺ የገንዘቡ።

ብመሰረት ጸብጻባት ዘይምንግስታውያን ትካላት፡ ዶብ ሜክሲኮን ጓቲማላን ሓደ ካብ'ቶም ብዝበዝሒ ዘይሕጋዊ ዕጹ-ፋርስ ዝሰጋገረሉን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምስጋር ዝጥቀሙሉን ዞባ እዩ።

ኣብ 2006 ሜክሲኮ ኣንጻር ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ዕጹ-ፋርስ ወተሃደራዊ ወፍሪ ድሕሪ ምጅማራ ጥራይ፡ ኣብ'ታ ሃገር ብሓድሕዳዊ ግጭታት ልዕሊ 450 ሽሕ ሰባት ከምዝሞቱ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



## ተወሳኺ

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሩስያ፡ ልዕሊ 44 ሽሕ ዓመት ዝገበረ ኣስከሬን ተኹላ ከምእተረኽበ፡ ስነ-ፍልጠተኛታት እታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣሽሓት ዓመታት ዝገበረ ካብ ዓሌታት በላዕቲ ስጋ ዝኾነ ኣስከሬን ምርካብ፡ ኣብ ታሪኽ ንፈለማ እዋን ምኳኑ ዝጠቐሱ እቶም ስነ-ፍልጠተኛታት - ነቲ ኣስከሬን ይምርምሩዎ ምህላዎም ኣረዲኦም።

እቲ ኣስከሬን፡ ኣብ ሓደ ኣዝዩ ዝሑል ቦታ ደሪቑ ከምዝጸንሐ እቶም ክኢላታት ገሊጾም።

ኣብቲ ኣስከሬን ዝተረኽበሉ ቦታ፡ ናይ በላዕቲ ሳዕሪ ዝኾኑ ካልኦት እንስሳታት ኣስከሬናት እውን ብቑጽሊ ከምዝርከብ ብምሕባር ከኡ እዚ ናይ ሕጂ ግን



'ብርቂ ተርእዮ' ክብሉ ገሊጾምዎ ኣለዉ።

እቲ ተረኺቡ ዘሎ ኣስከሬን፡ ቅድሚ 50 ሽሕ ዓመታት ናይ ዝበሩ - ሳሕቲ ዝርአዩ ፍሉያት ዓሌታት ተኹላ ምኳኑ፡ እቶም ስነ-ፍልጠተኛታት ኣረዲኦም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ በራኺ | 3/7/24 | ከባቢ ፈያትታሌሮ ፊት ቶታል መዕደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services